ኢፕድ
# ወጋሕታ

1ይ ዓመት | ቁፅሪ 031 | 3 ሰነ 2013 ዓ.ም | ሓሙስ | ብር 10.00



ፎቶ - ገባበ ገብሬ

መፅሐፍ ‘ዐሻራ’ እንትምረቅ

# ‹‹ናይ ሩሑቕን ናይ ቀረባን ታሪኽ ምንጪ ብምዃን እናገልገለ ዝርከብ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ባዕሉ ዓሻራ እዩ››

**- ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ**

ኣኽበረት ታደሰ

ኣዲስ ኣበባ፡- ናይ ብዙሕ ዜናታት ኸምኡ’ውን ናይ ሩሑቕን ቐረባን ታሪኽ ምንጭ ብምኳን እናገልገለ ዝርከብ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ባዕሉ ዓሻራ (ሓድጊ) ምዃኑ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣፍሊጦም፡፡ እቲ ትካል ካብ 24 መጋቢት 2010 ዓ.ም ጀሚሩ እስካብ 14 መጋቢት 2013 ዓ.ም ዘለዉ ናይ ቐዳማይ ሚኒስትር መደረታት “ዐሻራ “ ዝተሰመየ መፅሓፍ ብምሕታም ነኣንበብቲ ኣቕሪቡ እዩ፡፡

ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣብ ናይ 80 ዓመት ኽብረ በዓል ኣዲስ ዘመን ኸምኡ’ውን ኣፍቲ ምረቓ መፅሓፍ ተረኺቦም ብዝገበርዎ መደረ፤ ዓሻራ ምንባር ዓብዪ ስራሕ ይደሊ እዩ፤ እንተዘይሰሪሕና ዓሻራ ኽነዕርፍ ኣይንኽእልን፡፡ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ጠንኪሩ ብምስርሑ ክሳብ እዛ ናይ ሎምዓንቲ ዕለት ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዓብዪ ዓሻራ እናስፈረ ፀኒሑ እዩ፡፡ ሕዚ’ውን እጃሙ እናወፈየ ስለዝርከብ እቲ ትካል ባዕሉ ዓሻራ እዩ፡፡

ኹሉ ሰብ ናይ ባዕሉ ሓሳብ ኣለዎ፤ ነቲ ሓሳቡ ድማ ብተፈላለየ መገዲ ናብ ሰባት የብፅሕ፣ እዚ ድማ ነቲ ዝተርፍ ኣካል ዓሻራ ኾይኑ ከምዝተርፍ ዘመልከቱ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፤ እቲ ትካል ናተይ ጥራይ ዘይኾነስ ካባይ ዝሓሹ ንኢትዮጵያ ብዙሕ ክሰርሑ ዝኽእሉ ሰባት

‹‹ናይ ሩሑቕን … 8



ፎቶ - ገባበ ገብሬ

ምክትል ከንቲባ ምምህዳር አዲስ አበባ ፕሮጀክትታት መንገዱ እንትምርቃ

# ኣብ 2013 በጀት ዓመት 2 ሽሕ 60 ፕሮጀክት ከምዝተመረቑ ተገሊፁ

**- ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባ 24 ፕሮጀክታት መንገዲ ኣመሪቑ**

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ 2013ዓ.ም በጀት ዓመት ኣብ ኣዲስ ኣበባ 2ሽሕ60 ፕሮጀክት ከምዝተዛዘሙ ምክትል ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ገሊፀን፡፡

እተን ከንቲባ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዝተፈላለዩ ክፍለ ከተማታት

ኣብ 2013 … 8



ፎቶ - ኣዩብ ተፈሪ

# ‹‹ሓረስታይ ሓረሱ ብምምራት ዝበፅሐ ጉድኣት ንክካሓሕስን ካብ ረድኤት ንክወፅእ ተሓሲቡ እናተሰርሐ እዩ››

**- ኣይተ ብርሃነ ኣርኣያ**

መሰረት ገ/ዮሃንስ

መቐለ፡- ሓረስታይ ሓረሱ ብምምራት ዝበፅሐ ጉድኣት ንከካሓሕስን ካብ ረድኤት ንክወፅእ ተሓሲቡ እናተሰርሐ ከምዝኾ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ምክትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ኣይተ ብርሃነ ኣርኣያ ገሊፆም፡፡ኣብ ምህርቲ ዘመን ሓደ ነጥቢ ሓደ ሚልየን ሓረስቶት ኣብ ግብርና ንምስታፍ ዝተድሓዘ ትልሚ ንምስኻዕ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ንክሳተፉ ሓቲቶም እዮም፡፡

‹‹ሓረስታይ ሓረሱ … 8

‹‹ጠንካራን፣ሉኣሳውነት ሃገርን ጥቅምን ብዘተኣማምን ኩነታት ዝሕሉ ሓይሊ ባሕሪ እዩ ክፈርስ ተገይሩ››

- ኮሞዶር ዋለፃ ዋቻ

ገፅ 5



ጉዕዞ ቑልቁለት ፖሊሲ ጉዳይ ወፃኢ ኣሜሪካ

ገፅ 10

ወጋሕታ

# ዜና

## ተኽሊ እናተኸልና ሃገርና ክትፅብቕ ምግባር ስራሕ ኹሳትና ከምዝኾነ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**



ኣዲስ ኣበባ፡-ንመፃኢ ወለዶ ዝመቸወትን ፅብቕቲ ሃገርን ንምርካብ ሎሚ ተኽሊ ምትኻል ናይ ኹላትና ተግባር ክኸውን ከምዘለዎ ቐደማይ ሚኒስትር ፌዴራሊ ገሊፆም፡፡

ቐዳማይ ሚኒስትር ፌዴራሊ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ኣምሓራ ሳልሳይ መርሃግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ኣብ ከተማ ደብረማርቆስ ሃገር በቀልን ፍራፍረ ተኽሊ ብምትኻል ከጀምሩ ኸለዉ ከምዝገለፅዎ ፣ብዙሕ ሰባት ኣብ ኢትዮጵያ ዝተገለፁ ቦታታት እናራኣዩ ኢትዮጵያ ንኽደና ዝብል እርግፀኛ ተዘይኾኑ'ውን እናተኸልና ክንኸድና ኢና፡፡

ሃገርና ተኽሊ እናተኸልና ሰሓቢት ምግባር ስራሕ ኹላትና እዩ ዝበሉ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ፣ኣብ ዝቐፅሉ ኣዋርሕ ተኽሊ ደጋጊምና ብምትኻል ንባዕልና ደስታን ንደቅና ዝፀበቐ ሃገር ክነረክብ ኣለና ኢሎም፡፡ ኣብቲ ክልል ሎሚ ኣብ ዝካየድ ሳልሳይ ሓምለዋይ ዓሻራ መርሃ ግብሪ 1ነጥቢ83 ቢልየን ተኽሊ ክትከል ከምዝኾነን ካብዚኣቶም 16ሚልየን ፍራፍረ ተኽልታት ከምዝኾኑ ተገሊፁ እዩ፡፡

ኣብ ወርሒ ሓምለ ኣብ ሓደ መዓልቲ ሓምለዋይ ዓሻራ መርሃ ግብሪ መላእ ናይቲ ክልል ብንቅሓት ብምስታፍ 247 ሚልየን ተኽልታት ከምዝተኸሉ ተፈሊጡ እዩ፡፡ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኣምሓራ ኣይተ ኣገኘሁ ተሻገር ብወገኖም ምህርቲ ንምዕባይ መርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ዓብይ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ ኢሎም፡፡

ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኦሮምያ ኣይተ ሽመልስ ኣብዲሳ ፣ቅድሚ ኺዚ ዝነበሩ ትውልዲ እዛ ሃገር ከምዘረከቡና ገሊፆም ፣ናይ ኸዚ ወለዶ ብዙሕ ነገር እዩ ዝምነ፤እንደልያ ኢትዮጵያ ንምግባር ሓምለዋይ ንኽደና ኢሎም፡፡ኣብ ናይ ሎሚ ክረምቲ ኣብቲ ክልል ሳልሳይ ዙር መርሃ ግብር ካብ ዝትከሉ ተኽልታት ኣውሊዕ፣ኣቮካዶ፣ቡናን ማንጎን... ከምዝርከብዎም ተገሊፁ፡፡ኣድላይ መረፃ ቦታን ካርታን ተኽልን ምድላው ከምዝተገበረን ንጎረቤት ሃገራት ዝዋሃቡ ተኽልታት'ውን ከምዝተዳለዉ ተገሊፁ እዩ፡፡

እቲ ክልል ብዘፅንዖ ፅንዓት ኣብ ዝሓለፉ ኽልተ ዓመታት ዝተተኸሉ ተኽሊ ዝፀደቑ ልዕሊ 87ሚኢታዊ ከምዝኾነ ፣ኣብ 2011ዓ.ም ኣብቲ ክልል ዝተጀመረ ሓምለዋይ ዓሻራ መርሃ ግብሪ ኣብ 2012 ዓ.ም ልዕሊ ሰለስተ ቢልየን ተኽሊ ከምዝተተኸሉ ተገሊፁ እዩ፡፡

ተኽሊ ምትካል ኣባይን ካልኦት ሩባታትን ፍሰት ማይ ንክውስኽ ዓብይ ግደ ከምዘለዎ ተሓበሩ፤ብብርኪ ሃገርለኸ ብቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ‹‹ኢትዮጵያ ንኽደና››ብዝብል መርሕ ቃል ሳልሳይ ሃገርለኸ ሓምለዋይ ዓሻራ መርሃግብሪ ሽድሽተ ነጥቢ ኽልተ ቢልየን ተኽልታት ከምዝትከሉ ኣብ ቐረባ ዕላዊ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ፡፡

ኣብ መጀመሪ እቲ መርሃ ግብሪ ምክትል ቐዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ጉዳይ ወፃኢ ኣይተ ደመቀ መኮንን፤ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኣምሓራ ኣይተ ኣገኘሁ ተሻገር፤ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኦሮምያ ኣይተ ሽመልስ ኣብዲሳ፣ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ሲዳማ ኣይተ ደስታ ሌዳሞን ሓዊሱ ላዕለዎት ፌደራልን ክልልን ባዓል ስልጣናት ተረኺቦም እዮም፡፡

---

## ኣብ ትግራይ 20 ትራክተራት ን6 ወረዳታት ተኸፋፊለን

- ዩኒቨርስቲ መቐለ ንሓረስቶት ግራውቶም ብትራክተር ይሓርሰሎም ኣሎ



ኣዲስ ኣበባ፡- ትካል ተራድኦ ኣሜሪካ (USAID) ምስ ማሕበራዊ ረድኤት ትግራይ (ማረት) ብምትሕብባር ብ41 ነጥቢ 6 ሚሊየን ብር ዝተዓደጋ 20 ትራክተራት ን6 ወረዳታት ትግራይ ከምዝተኸፋፈላ ማረት ገሊፃ።

ማረት ኣብ ማሕበራዊ ድረገፁ ከምዝገለፆ፣ እተን ትራክተራት ኣብቲ ክልል ብሰንኪ ወራር ኣምበጣን ኣብዚ ዓመት ዘጋጠመ ፀገም ፀጥታን መሰረት ብምግባር ነተን ወረዳታት ተዋሂበን ኣለዋ፡፡

በተን ትራክተራት ንልዕሊ 14 ሺሕን 280 ሓረስቶት ተረባሕቲ ከምዝኾኑ ዝተገለፀ እንትኸውን፣ በተን ትራክተራት ኣቢሉ ብማእኸላይ 3 ሺሕን 570 ሄክታር መሬት ክሕረስ ኢዩ ዝብል ትፅቢት ኣሎ።

እተን ትራክተራት ምስ ሙሉእ ናውተን ዝተኸፋፈላ ከምዝኾናን ን60 ኦፕሬተራት ናይ 4 ወርሒ መሃያ ከምዝተኸፈሎምን ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ማረት ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ብተመሳሳሊ ዜና ዩኒቨርስቲ መቐለ ምስ ትካል ገባሪ ሰናይ ኤልሻዳይን ካልኦትን ብምኧን ኣብ ወረዳ እንደርታ ንዝርከቡ ዓቕሚ ዘይብሎምን ኣረጋውያንን ሓረስቶት ግራውቶም ብዘመናዊ ትራክተር ይሓርሱሎምን ደገፍን ክትትል ይገሩሎምን ከምዘለዉ ተሓቢሩ።እቲ ደገፍ ኣብቲ ወረዳ መሕረሲ ኣቡዑር ንዘይብሎም ኣረጋውያንን ደቂ ኣኒስቲዮን ዝተገበረ ከምዝኾነ ኢዩ ተገሊፁ።

ነቲ ሓገዝን ማሕረስን ዘተሓባብሩ ካብ ዩኒቨርስቲ መቐለ ዝመፅኡ መሰረት ኣስማማውን፣ ካብ ትካል ኤልሻዳይ ዶክተር ወልደ ኣብርሃ ሓድጉን ከምዝበልዎ፣ ኣብዚ ወሳኒ እዋን ንሓረስታይ ካብ ምክትታልን ምድጋፍን ብዝዘለለ ኣለናልካ ብምባል ናብ ማእተታዊ ሕርሻኡ ንክኣቱ ምግባር ኣገዳሲ ኢዩ።

"ክራማት መፂኡ ኣሎ፤ ክሕረስ ዝግበኦ መሬት ዝሕረሰሉን ዝለሳለሰሉን እዋን ድማ ሐዚ ኢዩ። ግራቱ ምሕራስን ምዝራእን ናይ ምንባርን ዘይምንባርን ጉዳይ ንዝኾኖ ሓረስታይ ምድጋፍ ድማ ነፀባሕ ዘይበሃል ኢዩ" ኢሎም እቶም መተሓባበርቲ።

እቲ ሓረስታይ እንተዘይኣፍሪዩ እቲ ካሊእ ክፋል ሕብረተሰብ'ውን ክነብር ስለዘይኽእል፣ ኩሉ ሰብ ምእንተ ባዕሉ ኢሉ ዝኽኣሎ ደገፍ ንክገብር ምዒዶም።

እቲ ሓገዝ ኣብ ትራክተራት ጥራሕ ዝተሓፀረ ንከይኸውን ብምሩፅ ዘርኢ፣ ዘመናዊ ድኹዕን ካልኦት እታዎታትን ንምሕጋዝ ዘኽእል ምንቅስቓሳት'ውን ይጠናኸር ኣሎ ኢሎም።ደገፍ ዝረኸቡ ሓረስቶት ብግደኦም፣ ንዝተገበረሎም ሓገዝ ኣመስጊኖም።

እቲ ብትራክተራት ናይ ምሕራስ ተግባር ኣብ ካልኦት ወረዳታት'ውን ከምዝቕፅል መራኸቢ ሓፋሽ ትግራይ ፀብፂቡ።

---

## ‹‹ኣብ ትሑት ብርኪ ናብራ ንዝርከቡ ዜጋታት ምግቢ ናይ ምርካብ መሰሎም ንኽሕለውሎም እቲ ምምሕዳር ግቡኡ ክዋፃእ እዩ››

### - ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ምክትል ከንቲባ ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**



ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ትሑት ብርኪ ዝነበሩ ኹሉ ነበርቲ ኣዲስ ኣበባ ምግቢ ምርካብ ናይ ዜግነት መሰሎም ንኽሕለወሎም እቲ ምምሕዳር ግቡኡ ንክዋፃእ ምክትል ከንቲባ ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ገሊፀን፡፡ተስፋ ብርሃን ራብዓይ ማእኸል መመገቢ ስራሕ ጀሚሩ፡፡

ኣብ ክፍለ ከተማ ልደታ ዝተሃነፀ ራብዓይ ተስፋ ብርሃን ማእኸል መመገቢ ግልጋሎት ምሃብ ኣብ ዝጀመረሉ መርሃ ግብሪ ወይዘሮ ኣዳነች ከምዝገለፅኦ፤ነበርቲ ምግቢ ምርካብ መሰሎም እንትኸውን ፣መንግስቲ'ውን ምግቢ ናይ ምቕራብ ግቡእ ኣለዎ፡፡

እዚኦም ማእኸላት መመገቢ ንክሳኸዑ ገበርቲ ሰናይ ውልቀ ሰባትን ትካላት ምትሕብባር ከምዝገበሩ ዝገለፃ ወይዘሮ ኣዳነች ፤እዚ ኣብቲ ከተማ ዝስትውዐል ማሕበራዊ ፀገማት ብሓባር ምቅላል ከምዝካኣል መርኣያ ይኸውን እዩ፡፡ፀገማትና እነቃልሎም ብምትሕብባርን ብምትሕግጋዝን እዩ ኢለን፡፡

እዚ ማእከል ብሙሉእ ዓቕሙ ስራሕ እንትጅምር ኣብ መዓልቲ ልዕሊ ኽልተ ሽሕ ተመገብቲ ንምትእንጋድ ዘኽእል ዓቕሚ ከምዘለዎ ፣ኣብቲ ማእኸል ተጠቀምቲ ዝኾኑ ድማ ኣካላውን ኣእሙራዊን ጉድኣት ዘለዎም ፣ሕፅረት ኢኮኖሚ ዘለዎምን ፣ብኣታዊ ባዕሎም ዘይኻሉ ነበርቲ ከምዝኾኑ ገሊፀን እየን፡፡

ኣብ ክፍለ ከተማ ልደታ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይ ኣይተ ስላሴ ዋለልኝ ፤ኣብ ክፍለ ከተማ ልደታ ዝተሃነፀ ማእኸል መመገቢ ብትሑት ብርኪ ናብራ ዝመሓደሩ ዜጋታት ንምሕጋዝ ብምግቢ ከይፅገሙ ንምግባር ዝተሰርሐ ከምዝኾነ ሓቢሮም፡፡

ኣብቲ ክፍለ ከተማ ብዝሓት ዘለዎም ማእኸላት መመገቢ ምህናፆም በቢኸባቢኦም ኣብ ትሑት ናብራ ዝርከቡ ዜጋታት ተበፃሒ ንምግባር ከምዝሕግዝ ኣመልኪቶም ፤ኣብ ከተማ ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ ዝግበር ፍልሰት ንምዕጋት ከምዝሕግዝ'ውን ኣፍሊጦም እዮም፡፡

ኣብቲ ማእኸል ንተጠቀምቲ ካብ ምምጋብ ብተወሳኺ ክእለት ንምዕባይ ፣ስልጠና ስራሕ ፈጠራ ፣ምኽሪ ስነ ልቦና ፣ሓገዝን ሕክምናን ከምዝረኽብሉ ተገሊፁ እዩ፡፡

ኣብቲ ማእኸል ተጠቃሚ ምግቢ ካብ ዝኾኑ ኣይተ ተካ ኣስናቀ ፤ንዜጋ ምሕሳብ ንሃገር ምሕሳብ እዩ፤ኸዚ ዝረኸብናዮ ግልጋሎት ሓቢርካ ናይ ምንባር ትርጉም እዩ፤እዚ መርሃ ግብሪ ምግቢ ንምርካብ ኀዳና ወፂኦም ብልመና ዝመሓደሩ ሽማግለታት ፣ህፃናትን መናእሰይን ዝሕግዝ እዩ ኢሎም፡፡

ኣብ ትሑት መነባብሮ እንርከብ ዜጋታት ካብ ምግቢ ዝሓለፈ ልምዓትን ዕብየትን ፣ሓድነትን ሰላም ሃገርን ንክሓስብ ገይሩና እዩ፡፡ተስፋ ሒዝና ዝሓሸ ዜጋ ንምኧን ንኽንፅዕር ብዓል ሃፍትን መንግስትን ተሓባቢሮም ብዝገበርዎ ተግባር ደስተኛታት ከምዝኾኑ ኣፍሊጦም እዮም፡፡

---

## ኣብ ከተማ መቐለ ስሩዕ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተጀሚሩ

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ.ቢ.ሲ):- ኣብ ከተማ መቐለ ስሩዕ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝሓለፈ ሰኑ ከምዝተጀመረ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ እታ ከተማ ኣፍሊጡ።

ተወካት እቲ ቤት ፅሕፈት ወይዘሪት ገነት መብራህቱ ከምዝገለፀኦ፣ እቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣብ 32 መንግስታዊን 30 ዘይመንግስታዊን ብድምር 62 ኣቢያተ ትምህርቲ ኢዩ ተጀሚሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብሰንኪ ዓለም ለኻዊ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ሎሚ ዓመት ድማ ኣብ ትግራይ ብምኽንያት ዝተፈጠረ ፖለቲካውን ፀጥታውን ዘይምርግጋዕ ተምሃሮ ትግራይ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ርሒቖም ኣብ ከቢድ ስነልቦናውን ማሕበራውን ቅልውላው ከምዝርከቡ ይፍለጥ።

ነዚ መሰረት ብምግባር ምስ ወለዲ፣ መምህራንን በቢብርኩ ምስ ዘለዉ ኣመራርሓ መንግስቲን ብዝተገበረ ምርድዳእ እቲ ምምሃር ምስትምሃር ከምዝተጀመረ ገሊፀን።

ፀገም ሕፅረት ናውቲ ትምህርቲ ንዘለዎም ተምሃሮ ሓገዝ ይግበር ከምዘሎ ብምሕባር፣ ጉድኣት ዝበፅሖን ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ስራሕቲ ፅገናን ምምላእ ናውቲን ከምዝተገበረ ኣፍሊጠን።

ኣብ ሸውዓቲኤን ክፍለ ከተማታት መቐለ ኣብ ዝጀመረ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኩሎም መምህራን ከምዝተረኸቡ ተዛሪበን ክብል ግዜኢ ፀብፂቡ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ሓድጊ ሰማንያ ዓመት

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ቅድሚ ሰማንያ ዓመታት 30 ጉንበት 1933 ዓ.ም ፈላመይቲ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ብቋንቋ ኣምሓርኛ ብምሕታም ጀሚሩ። በዚ'ውን ኣብ ዘበናዊ ታሪኽ ሕትመት ሚድያ ናይ ባዕሉ ሓድጊ(ዓሻራ) እናቐመጠ ዝመፅአ እንትኾን ኣብዚ ሐዚ እዋን ዕለታዊ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመንን ብቋንቋ እንግሊዝኛ ጋዜጣ ዘኢትዮጵያን ሄራልድ፣ ሰሙናዊ ድማ ብቋንቋ ዓረብኛ ጋዜጣ ኣል ዓለም፣ብቋንቋ ኦሮምኛ ጋዜጣ በሪሳ፣ብቋንቋ ትግርኛ ጋዜጣ ወጋሕታ፣ብቋንቋ ሲዳምኛ ጋዜጣ ባካልቾ ከምኡ'ውን ወርሓዊ ብቋንቋ ኣምሓርኛ መፅሄት ዘመን እናሐተመ ይርከብ።

እቲ ትካል ኣብ ሰማንያ ዓመት ጉዕዙኡ ዕለታዊ ዜና እናፀብፀበ ታሪኽ ብፅሑፍን ፎቶ ግራፍን እናሰነደ መፂኡ እዩ። በቢ እዋኑ ኣብ ኢትዮጵያ ብፅቡቕ ኮነ ብሕማቕ ዝተፈፀሙ ድርጊታት እናሰነደ ናይ ባዕሉ ሓድጊ እናቐመጠ ዝመፅአ ዓብይ ትካል እዩ። ሐዚ ድማ ካብ ውፅኢታት ሕትመት ብተወሳኺ ብኦን ላይን ሚድያ ተበፃሒ ንምኳን እናሰርሐ ይርከብ።

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ድሕሪ ለውጢ"ብነባር መንነት ብሓድሽ ኣቀራርባ" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ትሕዝቶ ለውጢ ኣብ ምምፃእ ኣሎ።ቐዳሚ ናይ ሕትመትን ኦን ላይን ሚድያ ንምኳን እናሰርሐን ውፅኢት እናመዝገበን እዩ።

ኣብ ወርሒ ሕዳር 2013 ዓ.ም ድማ ጋዜጣ ወጋሕታ ብቋንቋ ትግርኛ፣ ጋዜጣ ባካልቾ ብቋንቋ ሲዳምኛ ብምጅማር ሓድሽ ታሪኽ ምስራሕ ጀሚሩ ኣሎ።እዘን ጋዜጣታት ውፅኢት ጉዕዞ ሰማንያ ዓመትን ለውጢ 3 ዓመትን እየን። ተወሰኽቲ ናይ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ቋንቋታት ሕትመት ንምጅማር ድማ ኣብ 10 ዓመት ስትራቴጅክ ትልሙ ኣቐሚጡ ኣሎ። ቪድዮ ፕሮዳክሽን ብምስራሕ ድማ ናይ ኦን ላይን ቴሌቪዥን ንምጅማር ህንፀት ስትድዮ ይጅምር ኣሎ።በዚ'ውን ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ናይ ባዕሉ ሓድጊ ከምዘቐምጥ ርግፅኛ ምኳን ይከኣል።

ኣብ ውፅኢት ሕትመት ናይ ትሕዝቶን ኣቀራርባን ለውጢ ንምምፃእ እናሰርሐ ካብ ዘሎ ስራሕ ብተወሳኺ ኣታዊኡ ንምድንፋዕን ማሕበራዊ ሓላፊነቱ ንምውፃእ ናይ መንግስቲ ሓበሬታ ዳይሬክተሪ ዘሐተመ እንትኾን፣ኣብ መበል ሰማንያ ዓመት ልደቱ 30 ጉንበት 2013 ዓ.ም ድማ "ዐሻራ"(ሓድጊ) ዘርእስቱ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ድሕሪ ለውጢ(ካብ 24 መጋቢት 2010 ዓ.ም ስጋብ 14 መጋቢት 2013 ዓ.ም) ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ቐሪቦም ዘስምዕዎ 16 መደረታት ብኣርባዕተ ምዕራፍን ብ494 ገፅን ብምሕታም ኣመሪቑ ኣሎ።በዚ'ውን ኣብ መበል ሰማንያ ዓመቱ ሓዱሽ ሓድጊ ኣቐሚጡ ኣሎ።

ኣብቲ ስነስርዓት ምረቓ መፅሓፍ ዐሻራ(ሓድጊ) ተረኺቦም መደረ ዘስምዑ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ "ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ንባዕርሱ ሓድጊ እዩ" ክብሉ ተዛሪቦም እዮም። ንሰማንያ ዓመታት ዜና እናፀብፀበ ታሪኽ ሃገር እናሰነደ ዝመፅአ ትካል ባዕርሱ'ውን "ሓድጊ እዩ" እንትተብሃለ ይግብኦ እዩ።ሐዚ'ውን ታሪኽ ሃገር ኣብ ምስናድ ናይ ባዕሉ ሓዲጊ እናቐመጠ ዘሎ ትካል እዩ።

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኽ ሕትመት ሚድያ ሃገርና ስሙያት ጋዜጠኛታትን ደረስትን ዘፍረየ፣ኣብ ዝተፈላለዩ ስርዓታት ስያሜታት ጋዜጣታቱ ዘይቐየረ ሐዚ'ውን ብነባር መንነቱ፣ብሓድሽ ኣቀራርባን ብብዝሃ ቋንቋታት ጉዕዝኡ እናቐፀለ ዘሎ ትካል እዩ።

ናይቲ ትካል ናይ ዝሓለፉ ሰማንያ ዓመታት ጉዕዞ ኩርኳሕ'ውን ዝነበሮ ምኳኑ ርዱእ እዩ።ሐዚ'ውን ጉዕዝኡ ከም ሰጣሕ ጎልጎል ኣይኸውንን።ክንድቲ ዕድሜኡ'ውን ኣብ ዝግብኦ ብርኪ ኣይኮነን።ናይ ባዕሉ ቤት ሕትመት ዘይብሉ ትካል እዩ።ስለዚ ናይ ባዕሉ ቤት ሕትመት ንክህልዎ መንግስቲ ሓገዝ ክገብረሉ ይግባእ።

ጋዜጣ ወጋሕታ'ውን ኣብ ታሪኽ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ መበል ሰማንያ ዓመቱ ሕትመት ዝጀመረት ብምኳና ታሪካዊት እያ።ሐዚ እትሰርሖም ዜናታት ፅባሕ ታሪኽ እዮም። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ሓድጊ ሰማንያ ዓመት እቲ ትካልን ሃገርን ናይ ባዕላ እጃም እናበርከተት ኣላ።ንቐፃሊ'ውን ክትህልው እያ።

ብሓፈሻ ጉዕዞ ሰማንያ ዓመት ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ እንትርአ ብዙሓት ፅቡቓት ነገራት ከምዘለዎ ኩሉ ጉድለታት'ውን ነይረምዎ።እቶም ጉድለታቱ ክንድቲ ዕድሚኡ ተፅዕኖ ፈጣሪ ሚድያ ከይኾን ገይረሞ እዮም።እዞም ጉድለታት ብምፍታሕ ምስቲ ዘበን ዝኸይድ ሚድያ ንምግባር ሐዚ ተጀሚሮም ዘለዎ ናይ ለውጢ ስዳሮታት ኣጠናኺርካ ምቕፃል ይግባእ።በዚ'ውን ንሃገርን ንቲ ትካልን ሓድጊ እናንበርካ ምኻድ ግቡእ ይኸውን።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**

ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**

የካ ክ/ከ

ወረዳ 14

የቤት ቁጥር 520/20

ኢሜይል - fekadumola@press.et

ስልክ ቁጥር - 011-1-56-98-77

**ኣሰናዳእቲ**

ማዕረግ ገ/ሄር

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ትርሓስ ፍቃዱ

ኣማንሚካኤል መስፍን

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**

ኢሜይል - epapromotion@press.et

ስልክ - 011-156-98-73

ፋክስ - 011-126-58-12

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**

ስልክ ቁጥር - 011-156-98-65

ፋክስ - 011-157-44-40

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**

ስልክ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**

ስልክ ቁጥር - 011-157-02-70


# ነፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋም ኣይኮኑን።

## ኢትዮጵያ ክትዕምብብ እያ

**ትርሓስ ፍቃዱ**

መንግስቲ ኣሜሪካ ኣፍሪካ ኢሉ'ውን ኢትዮጵያ ምስ ቻይና ብርቱዕ ምትእስሳር ሃልይዋ፤ብሕብረት ናይ ምስራሕን ልዑል ስምዒት ምርድዳእ ስለዝርኣይ ንኣሜሪካ ኣብ ልዑል ስግኣት ኣእትይዋ እዩ። ኢትዮጵያ ንሓዋሩ ኣብ ዓለም ተፈላጢት ኾይና፤ፅዕንቶ ናይ ምፍጣር ኹነታት ስለዘለዋ ሃገራት ኣፍሪካን ኤስያን ኣተሓባቢራ ክትደፍእኒ እያ፤ንምዕራባውያን ኣይትእዘዝን ብዝብል ስግኣት ተደቂንዋ ኣሎ። ኢትዮጵያ ብኹሉ መዳይ እንተተመዓራርያ ኣይትከኣልን ዝብል ናይ ውጥረት ሓሳብ ኣብ ኣሜሪካን ምዕራባውያንን ጭንቀት ኣሕዲሩ እዩ።

ብኻልእ ወገን ድማ፤ብሽም ረድኤት ንዓኣ ዝመስላ ምዕራባውያን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ከም ልቢ ኣትዮም ኹሉ ከባቢ ኣብ ትሕቲ ቑፅፅሮም ንምግባር ድሌት ነይርዋ እዩ፤ኣይኾነላን 'ምበር። ካበዚ ዝነቐለ ድማ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣሜሪካ ኻልኦት ዝመስልኣ ኣካላት ኣተሓባቢራ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ብዝኾነ ኹነታት እስካብ ሐዚ ዘይተለመደን ዘይተጠቐመትሉ መረብ ተንኮል ዘርጊሓ ንኢትዮጵያ ናብ ድሕሪት ንምጉታት ፅዕንቶ እናገበረት እያ። መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ እናፈጠሮ ዘሎ ፅዕንቶ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከምዝኾነ እቲ ህዝቢ ክግንዘብ ይግባእ። ነቲ ጉዳይ 'ውን ትኹረት ሂቡ ምክልኻልን ብፅንዓትን ብሓድነት ጠጠው ክብል ኣለዎ።

ግብፂ ስግኣት ሕፅረት ማይ ዘይኮነስ፤ምንካይ ልሙዕ ሓመድ ኢትዮጵያ ከምዘጠዓሳ ኣሜሪካ 'ውን ኻሊእ ፀገም ዘይኮነስ ብምኽንያት ኢትዮጵያ ምስ ቻይናን ኻልኦት ሃገራት ኤስያን ናይ ቐረባ ርክብ ስለዝገበረት ውፅኢት ስግኣትን ፍርሕን ንኢትዮጵያ ወጢራ ዝሓዘታ።

ኣሜሪካ ትኹን ኻልኦት ደፋር ሃገራት ካብ ኢትዮጵያ ኢዶም የልዕሉ። ካብዚ ተንኮሎምን ማዕበል ፖሮፖጋንዳ ክግደቡ ይግባእ። ከምኡ 'ውን ጥንቃቐ ክገብሩ ከምዝግባእ ኢትዮጵያ ኣጥቢቓ ትመኽሮምን ተጠንቅቖምን። ዝስዕቦምን ዝመፅእን ጉድ ኣይተገንዘቡዎን ወይ ድማ ኣይፈለጥዎን።

ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘበን ወዲ ሰብ ብኣእምሮ በሲሉ ብሓሳብን ብጥበብን ኣብ ዝመጠቐሉ እዋን፤ልዕሊ እዚ እየ እትብል ኣሜሪካ ናብ ታሕቲ ወሪዳ ዝተርኣየትሉ ዓለም ከይተገረመ ኣይተርፍን። እዚ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ እትገብሮ ፅዕንቶን መቕፃዕትን መስተውዓሊ ዘበለ ኹሉ ብፅሞና እንትተመልኪትዎ፤ቕድሚ 70 ዓመት ኣብ ውሽጢ ጃፓን ሄሮሹማን ናጋካሲን ዘውደቐቶ ኣቶሚክ ቦምብ ዘይነኣኣስ ድርጊት እዩ።

ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ኣብዚ ሐዚ እዋን፤ፅቡቕ ዲሞክራሲ ዝሓቖፈ መገዲ ዕብየት ኣብ ዘለትሉ እዋን ምስ ሃወኽቲ ሃገራን ኣብ ፅልመት ዝርከቡን ኾይና፤ ንኢትዮጵያ ፅልመት ንምኽዳንን ብፀልማት ንምግራድ ምፍታና ፤ኣሜሪካ ኢትዮጵያ ኸሳዳ ንኸተድንን እንተፀዓረት 'ውን ኣይተሳኸላን ዒላማኣ ስሒታ እያ። መፃወዲኣ'ውን ተሰቢሩ እዩ።

ኣሜሪካ ድሕሪ ሕጂ ምስ ኢትዮጵያ ዘለዋ ርክብ ዲፕሎማሲ፤ ኣብ ማዕርነትን ምርድዳእን ጥራሕ ዝተደረኸ እዩ። ዲፕሎማሲ ኣዛዛይን ተኣዛዛይን ተቛሪፁ እዩ። ሞት ንባዕሉ ይሙት ኢትዮጵያ ግና ኣይትመውትን። ኣይትቐትልን'ውን። መራሕቲ ኣሜሪካ መራሒ ፍሬን ከም ዝተበጠሶ መኪና ሲኖ ትራክ ኾይኖም እዮም። ኹሎም ኽፉኣት እናፀሙለዩን እናመኸኑን ክኸዱ እዮም። ኢትዮጵያ ግና ኣይትጥውልግን፤እናዓምበበት ንቕድሚት ክትግስግስ እያ፤ክትብልፅግ እያ ድማ።

ኣሜሪካ ጠጠው ኢላ ንዓርሳ እንተትርኢ ኣብዚ ዘበን እዚ ብፀልማት ከምዝተኸበበት ትፍለጥ፤ ኣብ ዓለም ዝርከቡ ራዕዳውያን ዝተብሃሉ ኹሎም ንኣሜሪካ ኸቢቦም እናዓለምዋ እዮም ዝርከቡ።

ናይ ባዕላ እናሓረራ ናይ ሰብ ተሕብር ከምዝበሃል፤ብስራሕቲ ግብረ ራዕዲ ንጉሰ ነገስት ዓለም ዝኾነ ኣልቃይዳ ሓሻኽራቱ ታሊባን፣ ኣልኢትሃድ፣ ኢዝቦላ፣ ኣልሸባብ፣ ኣይ ኤስ ኤስ፣ ሃማስ፣ ቦኮሃራምን ኻልኦትን ንኣሜሪካ ኣብ ውሽጢ ዕላምኦም ኣእትዮም ብኽፉእ ስግኣት ወጢሮም፤እናሓመስዋ ካብ ገፅ ምድሪ ንኸጥፍእዋ ኣብ ዝሓሰቡሉ እዋን፤ኣሜሪካ ኻልኦት ዝፀንሑ ፈተውታ ክትስእን ኣይምነበራን። ስለዝኾነ ንኢትዮጵያ ካብ ምቕያም እንተተቖጠበት ዝሐሸ ይኸውን። ኢትዮጵያ ዘብዒ ምስራቕ ኣፍሪካ ስለዝኾነት። ኣንፃር ራዕዳውያን እውን እያ።

ፍዳን ሓጥያትን ኣሜሪካ ኣብ መረፃ 2020 ተጀሚሩ 'ምበር ኣይተፋረቐን። ብኻልእ ወገን ንዓለም ብራዕዲ ወጢሮም ካብ መንጎ ዝሓዙ ራዕዳውያን ብዘይንእስ ብፅዕንቶን ብሓይልን ከም ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሃገራት ዓለም እትገብሮ ኹሉ እናሰርሐት ትርከብ። ስለዝኾነ ኣሜሪካ ጉዕዞ መስመራ ክትመዓራርይ ኣለዋ። ፈፂማ ንኸይትጠፍእ።

ንምኳኑ ኣሜሪካ እትኽተሎ ዲሞክራሲ ኢትዮጵያ ብዝሓሸ መገዲ ኣብ እትምርሐሉ እዋን እዚ ኹሉ ዓይኒ ዘውፅእ ፅዕንቶን ተንኮልን ዘብዝሐትሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?እቲ ጉዳይ ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ ንምንታይ ምስ ቻይና ተፏተየት እዩ። ኣሜሪካ ሓያልን ግንነትን ዝገበራ፤ስልጣንኣን ዕብየታን ዘይኮነስ ኣብ ዓለም ብእትገብሮ ምጭብርባርን ሸፈጥን እዩ። ኣሜሪካ ናይ ትማሊ እያ፤529 ዕድመ ዘለዋ፣ይኹን 'ምበር ብስራሕቲ ተንኮላ ናብ ቕድሚት ተወንጪፋ እያ፤ኢትዮጵያ ንኣሜሪካ እነሓጎአ ጥራሕ ዘይኮነትስ ልዕሊ 3000 ዘበናት መሰረት ዘለዋ ሃገር እያ። ድሕሪት ዝመፅ ዝመፀፀ ኾይኑ 'ምበር።

ኣሜሪካ ቀውስን ኣዙሪትን ተጠናዊትዋ ኣሎ፤ገና ድማ ኽፉእ ሕማም መርዘን ይፀበያ ኣሎ፡፤ኣይተፈለጠናን 'ምበር ኣሜሪካ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣብ ልእሊ ኢትዮጵያ ኲናት ደርጒሓ እያ፤ይኹን 'ምበር እሳ ብዝድህሰስ ኣፅዋር እንተወግኣትና 'ውን ኣንሕና ብዘይድህሰስ ኣፅዋር ክንወቕዓ ኢና። እቲ ምሽጥር 'ውን ብተግባር እዋን ክኽፈት እዩ። ብሕቡእ ዝፀንሐ ትምኒት ኣሜሪካ፤ ኢትዮጵያ ናይ ኣሜሪካ ፅግዕተኛ ኾይና ንዘልኣለም ንኽትነብር ዝነበረ ድሌታ ሐዚ ተቓሊዑ እዩ። ብዝኾነ ኣንፈት ኢትዮጵያ ዓርሳ ኽኢላ ንኸይትነብር ልክዕ ከም ምዕጋት እያ ተርእዮ ዘላ ድርጊት።

ባንኪ ዓለም ወይ ድማ ኣሜሪካ ዘይኮነስ፤ተፈጥሮ ብዝዓደላ ፅሩይ ሃፍታ ሩባ ኣባይ ንኸይትጥቀም ብቀጥታ ንብረታ ንዘይኮነ ሃገር ምውጋና መሕፈሪ ድርጊት ከምዝኾነ ተዝርዳኣ፤ታሪኽን ጋህድን ንቐፃሊ ክግለፅላ እዩ፤ብሱሩ ኣሜሪካ ብዛዕባ ታሪኽ ኣባይ እንታይ ትፈልጥ?ኣባይ ምፍሳስ እንትጅምር ምድሪ ኣሜሪካ ኣይነበረን፣ኣይተሓሰበን።

ኣሜሪካ ተዘይሓገዘታ 'ውን እታ ድጋፍ እትደሊ ሃገር፤ኹሉ ግዘ ኣብ መሰላል ደይባ ንዓለም ካብ ምልፍላፍ ኣይተቖጠበትን። ኣይኾነላን፤ግዘ ተለዋዋጢ እዩ። ብኹሉ ነገር እትኾርዕ ኣሜሪከ፤ኢትዮጵያ ዳቢራ ንኣሜሪካ ብቑጠባ ይኹን ብኹለ መዳይ ተመሓድራ ትኸውን፤እዚ ፈጣሪ ጥራሕ እዩ ዝፈልጦ፤ንሰብ ግና ነበርያ ነበረ እዩ ዝመስል።

ኣሜሪካ ኣይተረድኣን 'ምበር ንኢትዮጵያ ብዘይኣግባብ ዝተንከፉ ኹሎም እንታይ ከምዝወረዶም ካብ ታሪኽን ካብ ሕሉፍ ኹነታትን ምፍላጥ ምተገበኣ ነይሩ። ናይተን ሃገራት ሽም ምፅራሕ ኣድላዪ ተዘይኮነ 'ውን ፈራሪሰን መንግስቲ ኣልባ ዝኾና ሃገራት ንኢትዮጵያ ዝተተናኾላ እየን።

ኣሜሪካ'ውን ንኢትዮጵያ ምትንካፍ ካብ እትጅምር ናብዚ ኣብ ልዕሊኣ ዝበፅሐ ነገር እስኪ ትሕሰቦ፤ኣካይዳን ኣመራርሐን ዲሞክራሲ ኣብ 2020 ዝተበላሸየ ምኳኑ፤ኣናእሽተይ ሃገራት ዓለም ክንዲ ዝተኸላኸለኦ እኳ ናይዚ ዘበን ለበዳ ሕማም ዘይተኸላኸለት ደኽምቲ ኾይና ምርኣያን ብዙሓት ህዝብታታ ክረግፉ ምግባራ፣ብሓይሊ ሰራዊት 'ውን ምስ ዝኾነት ድኽምቲ ሃገር እንተገጢማ እኳ ከምእትስዓር ምልክታት እናተርኣዩ እዮም።

ሐዚ'ውን ትምቢት እዩ፡-ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ብእትፍሕሶ ውዲት፤ዘበናተን ዓመታትን ከይተቖፀሩ ኣብ ውሽጢ ሓፂር እዋን እንታይ ከምዝወርዳ ተመራሪመ ብስልጣነን ብቑጠባን ልዕልቲ እየ እንተበለት ውን፤ብሓደ ሓደ ብልሹዋት መራሕታ ተዋሪዳ ትሕቲ

ኢትዮጵያ... 9

ወጋሕታ

# ዜና

## ናይዚ ለውጢ ዋና ዕላማ ቓል ምእታው፣ ምኽባርን ምፍፃምን ከምዝኾነ ተገሊፁ



መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ዋና ዕላማ እቲ ለውጢ ቓል ምእታው፣ ቓልን ምኽባርን ምፍፃምን ከምዝኾነ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣፍሊጦም፡፡ ዝተጀመረ ናይ ለውጢ ጉዕዞ ዋና ዕላምኡ ኢትዮጵያ ምስ ባዕላ፣ ባህላ፣ ደቓ፣ ሕብረ ብሄራዊነታ፣ ሃፍቲ ተፈጥሮኣ ምስምዕማዕ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡

እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብ ጣና በለስ ቑፅሪ ሓደ ፋብሪካ ሽኮር ስነ ስርዓት ምረቓ ተረኺቦም ኣብዝሓለፍዎ መልእኽቲ፣ ናይዚ ለውጢ ዋና ዕላማ ቓል ምእው፣ ቓል ምኽባርን ምፍፃምን ከምዝኾነ ኣፍሊጦም፡፡

ፕሮጀክት ሽኳር ጣና በለስ ቕድሚ 60 ዓመት ዝተጀመረ ዋላ ይኹን ኣብዚ ሕዚ ሰኣት ድሕሪ ውፃእ ደይብ ንምረቓ ምብፅሑ ገሊፆም፡፡

እቲ ለውጢ እንትመፅእ ስራሕ ህንፀት ፕሮጀክትታት ተገምጊሞም ተወሳኺ በጀት ተመዲቡ ስራሕ እንትጅመር ብዘይ ኣግባብ ብሽም ፋብሪካ ዝተኣከቡ ኣቑሑት ምልዓል ጥራሕ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ከምዝወሰደ ጠቒሞም፡፡

በለስ ተዛዚሙ ስራሕ ክጅምር እዩ እንትብሃል ኣይሽንኳይዶ ህዝቢ ጃዊ ነቲ ስራሕ ዝመርሑ ዝኣምኑ ኣይነበሩን ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፣ ናይዚ

ናይዚ ለውጢ ... 8

## ‹‹ተሳትፎ መረፅትን ተመረፅትን ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ስራሕቲ ግንዛበ ተዋሂቡ እዩ››

- ወይዘሪት ሓዳስ ኪዱ



መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡ -ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ኢትዮጵያ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይን መረፅትን ተመረፅትን ንክኾናን ኣብ ፓርቲ 50ሚኢታዊ ንክሽፍና ዓብይ ፃዕሪ ከምዝተገበረ ሓላፊት ቢሮ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ወይዘሪት ሓዳስ ኪዱ ገሊፀን፡፡ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዝሓለፈ መረፃ ዝሓሸ እዩ ኢለን፣

ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ክብ ንምግባር ግንዛበ ኣብ ምፍጣርን ተወዳደርቲ ፓርቲ እኹል ምንቕስቃስ ደቂ ኣንስትዮ ንክገብሩን ከምኡ'ውን ናይ መራፅነት ካርድ ብምውሳድ ዝደልየኦ ፓርቲ ንክመርፃ ሰፊሕ ዝኾነ ስራሕቲ ጎስጓስ ከምዝተሰርሐ ዝሓበራ ወይዘሪት ሓዳስ ፣ቢሮ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ዝመርሐን ምምራፅ መሰለን ከምዝኾነ ዝተፈላለዩ መድረኻት ብምፍጣር ብብርኪ ኣዲስ ኣበባ ልዕሊ 800 ሚኢቲ ሽሕ ደቂ ኣንስትዮ ካርድ መረፃ ንከውፅኣ ከምዝተገበረ እተን ሓላፊት ኣብሪሆን፡፡

ደቂ ኣንስትዮ ካርድ መረፃ ንክወስዳ ኣብ ምግባር ዓብይ ትልሚ ከምዝነበረ ዝገለፃ ወይዘሪት ሓዳስ፣ ንመን እየን ዝመርፃ ናይ ባዕለን መሰል ኾይኑ መረፃ ካርድ ግና

‹‹ተሳትፎ ... 8

## ኣብ ትግራይ ዘሎ ግልጋሎት ጥዕና ንምጥንኻርን ናብ ስራሕ ዘይተመለሱ ንምምላስን ይስራሕ ኣሎ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ትግራይ ዘሎ ግልጋሎት ጥዕና ንምጥንኻርን ናብ ስራሕ ዘይተመለሱ ንምምላስን ዓሊሙ ምስ መዳርግቲ ትካላት ይስራሕ ከምዘሎ ሚኒስቴር ጥዕና ኣፍሊጡ።

ምስ ኤጀንሲታት፣ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይን ሰብኣዊን መሻርኽቲ ልምዓትን ዘስርሑ ስራሕቲ ተጠናኺሮም ከምዝቐፅሉ'ወን ተሓቢሩ።

ኣብ ትግራይ ምስ ዘለዋ ጣቢያታት ጥዕናን ሆስፒታላትን ኣብዚ ሐዚ እዋን 46 ነጥቢ 5 ሚኢታዊ ዝኾና ኣገልግሎት ንክህባ ከምዝተገበረ ተገሊፁ።

ኣብ ትካላት ጥዕና መድሓኒትን ናውቲታት ጥዕናን ንምሙላእ ኣብ ዝተገበረ ፃዕሪ ሚኒስቴር ጥዕና ብኤጀንሲ ኣቕርቦት መድሓኒት ከምኡ'ወን ምስ ካልኦት ትካላት ብምኳን ልዕሊ 310 ሚሊየን ብር ዝግመት መድሓኒትን እታዎትን ደገፍ ገይሩ።

ብተወሳኺ እቲ ቤት ዕዮን ኤጀንሲታትን ንዝተፈላለዩ መርሃ ግብሪታት መፈፀሚ ዝውዕል ብድምሩ ብር 215 ሚሊየንን 86 ሺሕን 658 ነጥቢ 69 ንክመሓላለፍ ተገይሩ ኣሎ ተባሂሉ።

ኣብቲ ክልል ንዝተመዛበሉ ወገናት መሰረታዊ ግልጋሎት ጥዕና ብናፃ ንክረኽቡ ይግበር ዘሎ እንትኸውን፣ ኣብቲ ክልል ዝርከቡ 80 ሓካይም፣ 25 ነርስታት ከምኡውን 15 መዋልዳን ነርስታት ቁፃር ብሚኒስቴር ጥዕና ከምዝተፈፀመ ተገሊፁ።

እቶም ሰብ ሞያታት ኣብ ኩሎም ማእኸላት ተመዛበልቲ ብምምዳብ ናብ ስራሕ ዝኣተዉ እንትኾኑ፣ ልዑል ቁፅሪ ኣብ ዘለዎም 17 ማዕስከራት ማእኸለዎት ክሊኒካት ንክጣየሹ ከምዝተገበረ እቲ ሚኒስቴር ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያኡ ገሊፁ።

## ቤት ምኽሪ ሚኒስቴራት ፌዴራሊ ረቂቕ በጀት ዓመት 2014 ልዕሊ 561 ቢሊየን ብር ንክኸውን ውሳነ ሂቡ

ኣዲስ ኣበባ፡- ቤት ምኽሪ ሚኒስቴራት ፌዴሪኢ ኣብ መበል 97 ስሩዕ ኣኼብኡ ረቂቕ በጀት ዓመተ 2014 ብር 561 ነጥቢ 7 ቢሊየን ንክኸውን ውሳነ ሂቡ።

እቲ ረቂቕ በጀት መፍረያይነት ንምዕባይ ዝሕግዝን ምስ መሪሕ ትልሚ 10 ዓመት ዝተጠዓዓመ ከምዝኾነን ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ትዊተር ገፆም ፅሒፎም።

እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ዘሳለጦ ስሩዕ ኣኼባ፣ ኣብ 2014 ዓ.ም ንዝሳለጡ ስራሕቲን ግልጋሎትን ዝውዕል ንስሩዕን ወፃኢታትን መንግስቲ ፌዴራል ብር162 ቢሊየን ፣ ብር ንካፒታል በጀት 183 ነጥቢ 5 ፣ ንክልላት ዝወሃብ ድጋፍ ብር 203 ነጥቢ 95 ቢሊየን ፣ ንድጋፍ መፈፀሚ ሸቶታት ዘላቒ ልምዓት ብር 12 ቢሊየን ብድምር ብር 561 ነጥቢ 67 ቢሊየንን ንክኸውን ኣብ ዝቐረበ ረቂቕ በጀት ድሕሪ ምዝታይ ኣብ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ንክፀድቕ ውሳነ ሂቡ።

እቲ በጀት ምስ ናይ 2013 ዓ.ም እንትነፃፀር ናይ 18 ሚኢታዊ ወሰኽ ከመዘለዎ እውን ተገሊፁ።

## ኣብ ልዕሊ 53 ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ክሲ ተመስሪቱ

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ)፡- ኣብ ትግራይ ምስ ዝተፈፀመ ቅትለት ሰለማውያን ዜጋታትን ፆታዊ ዓመፅን ብምትሕሓዝ ኣብ ልዕሊ 53 ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ክሲ ከምዝተመስረተ ላዕለዋይ ዓቃቢ ሕጊ ፌዴራል ኣፍሊጡ።

ላዕለዋይ ዓቃቢ ሕጊ ፌዴራል ዶክተር ጌዲዮን ጢሞቴዎስ ምስ ሓላፊት ቋንቋታት ወፃኢን ዲጂታል ሚዲያን ኣብ ቤት ፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስትር ቢልለኔ ስዩም ብምኳን ኣብ ኢትዮጵያ ንዘለዉ መራኸብቲ ሓፋሽ ወፃኢ መግለፂ እንትህቡ ከምዝገለፅዎ ፣ኣብ ትግራይ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር፣ ምርመራ ገበን ፖሊስ ፌዴራል፣ ላዕለዋይ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት፣ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ ብሓባር ብምኳን ይሰርሑ ኣለዉ ኢሎም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ዝተፈላለዩ ጥፍኣታት ተዋፊሮም ዝርከቡ ኣባላት ሰራዊት ተሓተትቲ ኸምዝኾኑ ምግላፆም ይዝከር።

ብመሰረት እዚ ኣብ ትግራይ ምስ ዝተፈፀመ ቅትለት ሰለማውያን ዜጋታት 28 ከምኡ'ውን ብፆታዊ ዓመፅ 25 ብድምሩ ኣብ ልዕሊ 53 ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ክሲ ተመስሪቱ ኢሎም ክብል ግዜኢ ፀብፂቡ።

## ኣብ ከተማ መቐለ 25 ሺሕ ዓበይቲ ግልጋሎት ዝርገሐ መስመር ኤሌክትሪክ ይሳሰጥ ኣሎ

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ.ቢ.ሲ)፡- ኣብ ከተማ መቐለ ኣብ ሓደሽቲ መንደራት ንዝርከቡ ልዕሊ 25 ሺሕ ኣባይቲ ኣገልግሎት ዝህብ ሓዱሽ ዝርገሐ መስመር ኤሌክትሪክ ብብር 405 ሚሊየን ወፃኢ እናተሳለጠ ምኳኑ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ቤት ፅሕፈት ክልል ትግራይ ገሊፁ።

ዋና ፈፃሚ ስራሕ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣይተ መስፍን ገብረመድህን፥ እቲ ዝርገሐ መስመር ኤሌክትሪክ ኣብ 19 ሓደሽቲ መንደራት ከተማ መቐለ ዝካየድ ኢዩ።

ኣብ ወርሒ ሰነ ክዛዘም ኢዩ ተባሂሉ ትፅቢት ዝግበረሉ እቲ ፕሮጀክት፣ ካብ 25 ሺሕ ዝበልፁ መራሕቲ ስድራ ተረባሕቲ ከምዝገብር ምግላፆም ግዜኢ ፀብፂቡ።

ኣብ ዝቕፅል በጀት ዓመት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ 320 ኪሎ ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ ዝርገሐን ፅገናን መስመር ኤሌክትሪክን ህንፀት ሓዱሽ ፕሮጀክታትን ንምክያድ ዝውዕል ልዕሊ ብር 180 ሚሊየን ሕቶ በጀት ናብ ፌዴራል ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ ከምዝቐረበ ተዛሪቦም።

ዕዱም ጋሻ

# «ጠንካራን፣ሉኣላውነት ሃገርን ጥቕምን ብዘተኣማምን ኩነታት ዝሕሉ ሓይሊ ባሕሪ እዩ ክፈርስ ተገይሩ»

**- ኮሞዶር ዋለፃ ዋቻ**

መኣርግ ገ/ሄር

ታሪኽ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዝጅምር ቅድሚ 3ሺሕ ዓመታት ከምዝኾነ ዝተፈላለዩ ድርሳናት ይሕብሩ። ዋላ ከምዚ ይኹን ግና ሓይሊ ባሕሪ ብዘመናዊ መልክዕ ዝተመስረተ ብ 1948 ዓ.ም ብሃፀይ ሃይለ ስላሴ ዘመነ መንግስቲ እዩ። መጀመርያ ሕፁያት መርከበኛ መኮንናት መሰልጠኒ ማእኸል ብምድላው ስልጠናታት ይህቡ ነይሮም። እቲ ስልጠና ተመሪፃም ብዝመፁ ኣሰልጠንትን ኣማኸርትን ዝዋሃብ ዝነበረ እንትኸውን ዝመፅሉ ዝነበረ ድማ ካብ ናይ ቀደም ሸማ ዩጎዝላቪያ፣ ኣሜሪካን ፈረንሳይን እዩ ነይሩ። ብኻሊእ ወገን ድማ ምስ ኣሜሪካ፣ ህንዲ ብርታንያ ስምምዕ ብምፍጣር በቲ ዘፈር ብቕዓት ዘለዎም ኣሰልጠንቲ ብዘላቕነት ብምምፃእ እቲ ስልጠና ብዝተጠናኸረ መገዲ ይዋሃብ ከምዝነበረ ናይ ታሪኽ ድርሳናት ይሕብሩ። ከምዚ ዓይነት ስራሕቲ ድማ ኣብቲ ግዜ ንሱ ዓቕሚ እቲ ትካል ብምዕባይ ሃገራዊ ግዴትኡን ተልእኹኡን ብኣግባቡ ክዋፃእ ገይርዎ እዩ።

ቀፂሉ ደርጊ ስልጠን እንትሕዝ እቲ ሓይሊ ባሕሪ ኣዋዳድብኡ ብምስፋሕን ብምጥንኻርን ዘመናዊ ዝኾኑ ወተሃደራዊ ዕጥቒ ብምድላው ምስ ፈተውቲ ሃገራት ጥቡቕ ርክብ ብምፍጣር ካብ ኣፍሪካ ተወዳዳሪ ዝኾነ ሓይሊ ባሕሪ ክምስረት ተኻኢሉ እዩ። ደርጊ ምስወደቐን ናይ ስርዓት ለውጢ ምስተኻየደን ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ብናይ ህዝቢ ውሳነ ብምፍላያ ምኽንያት በሪ ባሕሪ ዘይብላ ብምኳና ካብ ሰራዊት ወፃኢ ክኸውን ብምግባሩ ክፈርስ ክኢሉ እዩ።

ኮይኑ ግና ከምዚ እናሃለወ ብ2011ዓ.ም ኣዋዳድባ ሰራዊት ወቕታዊን ሃገራዊ ኩነታት መበገሲ ብምግባር ሓይሊ ባሕሪ ኣድላይ ምኳኑ ተኣሚንሉ ብቑፅሪ ኣዋጅ 1100/2011 መሲሉ ክጣየሽ ተወሲኑ። በዚ መሰረት ብፍጥነት ክጣየሽ ንምግባር ኣባላት ብምምዳብ ናይ ነዊሕ ግዜ ልምዲ ዘለዎም ኣባላት ምስ ፈተውቲ ሃገራት ምትእስሳር ብምግባር እቲ ሓይሊ ባሕሪ ኣካል ምክልኻል ኮይኑ ክጣየሽ እናተሰርሐ እዩ ዝርከብ።

እምባኣርከስ ኣብ ናይ ሉሚ ሕታምና ሓይሊ ባሕሪ መሲሉ ክጣየሽ ምግባሩ እንታይ መልክዕ ኣለዎ ብምባል ኣዲስ ዘመን ምስ ምክትል ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪን ሓላፊ ሉጂስቲክን ፌዴሪሒ ዝኾኑ ኮሞዶር ዋለፃ ዋቻ ዝገበሮ ፃኒሕት ከምዝስዕብ ተርጉምና ኣቕሪብናልኩም ኣለና። ሰናይ ንባብ።




**ሕቶ፡- ኮሞዶር ዋለፃ መን እዮም ንዝብሉን ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ክንደይ ዝኣክል ዓመት ከምዘገልገሉን ከምኡ "ውን ኣብ ምንታይ ሓላፍነታት ከምዝሰርሑ ንመንበብበቲ ግልፂ ንክኸውን እንተዝነግሩና?**

**ኮሞዶር ዋለፃ፡-** ኣብ ውሽጢ ሰራዊት 30 ዓመት ኣገልጊለ ኣለኹ። ኣብዚ ውሽጢ እዚ ድማ መብዛሕትኡ ናይ ስራሕ ዕድመይ ዘሕለፍክዎ ኣብ ሓይሊ ኣየር እዩ። ኣብዚ ካብ ተራ ቴክኒሻል ጀሚሩ ክሳብ ሱፐር ቫይዘር ዝሰራሕኹ እንትኸውን ናብ ኣመራርሓ ምስ ወፃኹ ድማ ካብ ታሕቲ ናይ ኣመራርሓ ጀሚረ ክሳብ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ሰሪሐ እየ።

ብትምህርቲ ድማ ብኣቬሽን ኢንጅነሪንግ፣ ማናጅመንት ከምኡ 'ውን ብኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ ካብ መጀመርያ ዲግሪ ጀሚረ ክሳብ ካልኣይ ዲግሪ በፂሐ ኣለኹ።

**ሕቶ፡- ኣብ ሓይሊ ኣየር ብርክት ዝበለ ዓመታት ምስ ምሕላፎም ተተሓሒዙ ሓይሊ ኣየር ዝመፃ ርሕቐትን ሕዚ ዘለዎ ኩነታት ከመይ ይገልፅዎ?**

**ኮሞዶር ዋለፃ፡-** ሓይሊ ኣየር ከምዝፍለጥ ብአፍሪካ ሸሙ ግኑንን ፍሉጥን እዩ፤ ዓቕሙ 'ውን ዘተኣማምን ኮይኑ ካብ ውሽጥን ደገን ዝፍነዉ ጥቕዓታት ንምምካት ተመጣጣኒ ግብራዊ መልሲ ንምምላስ ዝኽእል ኣቕሚ ኣለዎ እዩ። ብቑፅ ፍልጠት፣ ክእለት፣ ብኣካላዊ ብቕዓት ይኹን ብፍቕሪ ሃገር ዝተሃነፁ ኣባላት ዘለዎ እዩ።

እዚ ምናልባሽ ካብ ዘመነ ደርጊ ጀሚሩ ሓቢሩ ዝመፀ ግኑን እንትኸውን ሃይሊ ኣየርና ሕዚ ዘለዎ ብቕዓት ዘተኣማምን እንትኸውን ኢትዮጵያ ንምውራር ዝሓስብ ሓይሊ እንተሃልዩ ደው ኢሉ ብዝግባእ ክልተ ግዜ ክሓስብ ኣለዎ። ምኽንያቱ ብኣየር ምውጋእ ይኹን ምክልኻል ብዝኾነ ኣንፈት ክመፅእ ዝኽእል ጥቕዓት ንምምካት ዝኽእል ዓቕምን ድልውነትን ዘለዎ እዩ። ብፍላይ ሕዚ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ጥንኩርን ዘመናዊ ቴክኖሎጂን ዝተዓጠቐ እዩ።

**ሕቶ፡- ዝበዝሐ ናይ ስራሕ ግዚኦም ኣብ ሓይሊ ኣየር እዮም ኣሕሊፎሞ ሕዚ ድማ ከም ብሓዱሽ ዝተጣየሸ ሓይሊ ባሕሪ መፂኦም ኣለዉ፤ እንታይ ስምዒት ፈጢርሎም? ከመይ ኢሎምስ ክመፁ ክኢሎም?**

**ኮሞዶር ዋለፃ፡-** መንግሰቲ ክሰርሐለይ ይኽእል እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ሰብ ኣብ ዝደለዮ ቦታ መዲቡ እዩ ዘሰርሕ። ኣነ ንነዊሕ ግዜ ኣብ ሓይሊ ኣየር እየ ኣገልጊለ። ኮይኑ ግና ካብ 2010ዓ.ም ጀሚሩ ሃገራዊ ለውጢ ምስመፀ ቅድሚ ሕዚ ተበቲኑ ዝነበረ ሓይሊ ባሕሪ ከም እንደጋና ክጣየሽ እንትሕሰብ ኣነ ናብቲ ቦታ ተመዲበ ክሰርሕ ተገይሩ እዩ። ከምኡ 'ውን ኣብዚ ክምደብ ምኽኣለይ ሕጉስ እየ።

ቕድሚ ሕዚ ሃገርና ግኑንን ጠንካራን ዝኾነ ሓይሊ ባሕሪ ነይርዋ እዩ። ኮይኑ ግና ክፈርስ ተገይሩ እዩ። ለውጢ ተኸቲሉ ናይ ሪፎርም ኣካል ካብ ዝኾነ ሓደ ሓይሊ ባሕሪ እዩ። ብምኳኑ ከምባሓድሽ እንትምስረት ነዚ ከጣይሹ ካብ ተፈላለዩ ክፍሊ ሰራዊት ተውፃእፂኦም ብትምህርቶም ተራእዩ ነዚ ከጣይሹ ተገይሩ እዩ። ዝተዋሃበና ሓላፍነትን ተበግሶን ሒዝና ህዝቢ ዘሸከመና ሓደራ ተቐቢልና ድማ ናብ ስራሕ ኣቲና ኢና።

**ሕቶ፡- ሕዚ ኣብዚ ሓይሊ ባሕሪ ከም በሓዱሽ ክጣየሽ ክግበር እንተሎ እንታይ ዓይነት ተግባራት ተሳሊጦም? እንታይ ዝኣክል ርሕቐት ከ ተኸይዱ?**

**ኮሞዶር ዋለፃ፡-** እወ፤ እዚ ክለዓል ዘለዎ ሕቶ እዩ። ብኣዋጅ ምስተጣየሸ ናብ ስራሕ እዩ ተኣትዩ። ቕድሚ ሕዚ ሓይሊ ባሕርን ሓይሊ ኣየርን ፍሉይ ሓይሊ እዮም ዝባሃሉ ነይሮም። ሕዚ ግና ናይ ሓንቲ ሃገር ብሄራዊ ድሕንነትን ጥቕምን ንምኽባር ተጣሚርካ ምስራሕ ወሳኒ ብምኳኑ ሓይሊ ምድሪ፣ ሓይሊ ኣየር፣ ሓይሊ ባሕሪ፣ ሓይሊ ሳይበር ከምኡ 'ውን ኮማንድ ስፔስ ብዝብል ብ5 ዓውዲ ተጣይሹ እዩ ድልዱል ስራሕ ዝስራሕ ዘሎ። ምስዚ ተተሓሒዙ ሓደ መከላኸሊ ኮይኑ ዝተጣየሸ ሓይሊ ባሕሪ ካብ ዝተጣየሸሉ ግዜ ጀሚሩ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ክስራሕ ፀኒሑ እዩ። ናይ መጀመርያን ዓብዪ ስራሕን ዝነበረ መዋቕር (ስትራክቸር) ምድላው እዩ።

ሓይሊ ባሕሪ ንምጥያሽ ካብተፈላለዩ ክፍሊ ምክልኻል ዝተውፃእፅኡ ኣካላት ብምኳን እዞም ኣካላት እዚኦም ብኣግባቡ መሪሖም ኣዋቓቕርኡ ናይ ሓይሊ ባሕሪ ቕርፂ ክሕዝ ዝተወሰኑ ልምድታት ምውህሃድ የድሊ ስለ ዝነበረ ምስ ተፈላለዩ ፈተውትና ዝኾና ሃገራት ብምርኻብ ልምድታት ናይ ምእካብ ስራሕቲ ተገይሩ እዩ።

ቀፂሉ እዚ መዋቕር ብተግባር ዝልውጥ ሓይሊ ሰብ ናይ ምእካብ ስራሕ ክስራሕ ስለ ዝነበሮ በዚ ምኽንያት ትምህርቲ መሰረት ብምግባር ዕድመን ፆታን ብዘካተተ መልክዑ ሓፈሻዊ እቲ ሓይሊ ባሕሪ ከቕፅል ዝኽእል ሰብ ብምክታት እቲ ስራሕ ብዝግባእ ኩነታት ብምክንዋን ናብ ስራሕ ተኣትዩ እዩ።

ብኻሊእ ወገን ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ከይዲ ምውዳብ ውሽጢ መሰልጠኒ ማእኸላት ክህልዉ ናይ ምግባር ስራሕ ሓደ ብምኳኑ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት መሰረታዊ ባሕረኛታት ዝስልጥኑሉ ማእኸል ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዝርራብ ኣብ ቢሸፍቱ ቦታ ተመሪሕና እምኒ ኩርናዕ ኣቐሚጥና ኢና። ኣብዚ ዓመት እዚ ሓይሊ ሰብ ኣብ ምብቓዕ እንተወሲድና ልዕሊ 200 ሰልጠንቲ ብምቕባል መሰረታዊ ናይ ውትድርና ስልጠና ክወስዱ እናተገብረ እዩ። ካብዚ ወርሒ መወዳእታ እዚ ጀሚሩ ልዕሊ 50 ዝኾኑ ኣብ ቢሸፍቱ ኢንጂነሪንግ ኮሌጅ ስልጠና ክረኽቡ እናተሰርሐ ይርከብ።

መኮንናት ባሕረኛታት ዝምረፅሉ ኣካዳሚ ድማ ኣብ

# ዕዱም ጋሻ



ባህርዳር ቦታ ተመሪሕና እምኒ ኩርናዕ ተቐሚጡሉ ናብ ህንፀት ንምእታው ስራሕቲ እናተሰርሑ እዮም። ብሓፈሻ ኣብ ቐፃሊ ዝወሃቡ ግዳያት ንምዕዋት ዘኽእል ቴክኒካል ብቕዓት ዘለዎም ሰባት ናይ ምፍራይ እቲ ዋና ስራሕ ብምዃኑ ኣብ ዝሕዚ ሰዓት ኣብ ፈተውትና ዝኾና ሃገራት ከይዶም እናሰልጠኑ ዝርከቡ ፓይሎታት ኣለዉ እዮም።

ብፍላይ ኣካዳሚ ንምጥንኻር ስርዓተ ትምህርቲ ምቕራፅ ስራሕቲ ብምስራሕ ናብ ተግባር ኣቲና ኢና። ምስ እዚ ተተሓሒዙ ስልጠና ኣብ ጣና ሃይቅ እንገብሮ ኩነታት ክህሉ እዩ። ኦፕሬሽናል ኤሪያ ብምባል ፈሊና ዘቕረብናዮ ከባቢታት ዘሎ ኩነታት እንትመቻቾ ድማ ኣብ ቐፃሊ ዓመት ስራሕቲ ስልጠና ትምህርቲ ኣብ ጁብቲ፣ ሱዳን፣ ኤርትራን ሱማሌላንድን ክወሃቡ እዮም።

ብሓፈሻ ኣብዚ ሕዚ እዋን ሓይሊ ባሕሪ ከም ሓደ ሓይሊ ንምውቓር ዘኽእል ስራሕቲ ተሰሪሑ እዩ። ኣብ ምስ ናይ ቐፃሊ ብፍላይ ኣብ ናይ 10 ዓመትና ትልምና ተተሓሒዙ በቢ ዓመቱ ክዓቢን ክልወጥን ብምስራሕ ዝተሓሰበ ብርኪ ምምፃእ ይከኣል እዩ።

**ሕቶ፦ ናይ ቅድሚ ሕዚ ብጣዕሚ ጠንካራን ፍሉጥን ዝኾነ ሓይሲ ባሕሪ ክፈርስ ክኢሉ ምንባሩ ከም ሃገር እንታይ ከስእነና ክኢሉ? ሕዚ ድማ ካብ ዜሮ ተሳዒልና ሓይሲ ባሕሪ ምጥያሽ ዘለዎ ጥቕሚ እንታይ እዩ?**

**ኮሞዶር ዋስፃ፦** ታሪኽ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኣብ ንሪኣሉ ግዜ ሓይሊ ባሕሪ ብዘመናዊ መልክዕ ተጣይሹ ናብ ስራሕ ዝኣተወሉ 1948 ዓ.ም ኣብ ባፅዕ እዩ። ድሕሪኡ ዓርሱ እናጠናኸረ ብምምፃእ ብሄራዊ ጥቕሚ እዛ ሃገር ዘኽብረሉ ብርኪ በፂሑ ነይሩ እዩ። ድሕሪ እዚ ግና ስርዓት ደርጊ እንትመፅእ ሓይሊ ባሕሪ ዘመናዊ ብምግባር ጥንኩርን ብኣፍሪካ ተወዳዳሪ ክኸውን ተገይሩ እዩ ክሳብ 1983ዓ.ም ፀኒሑ።

ኣብ 1983 ዓ.ም ኣብ ሃገርና ብዘጋጠመ ናይ መንግስቲ ለውጢ ምኽንያት ኤርትራ ሓንቲ ሉኣላዊት ሃገር ኮይና ዓርሳ ምስከኣለት ሃገርና ወደብ ባሕሪ ኣልቦ እያ ኮይና። ኣብቲ እዋን መራሕቲ ፖለቲካን ውሳነ ውሃብትን ሓይሊ ባሕሪ እናዳኸሙ ብምምፃእ ብ1986 ዓ.ም ብሕጋዊ መገዲ ዝፈረሰሉ ኩነታት እዩ ነይሩ።

ጠንካራ፣ ሉኣላውነትን ጥቕሚ ሃገርን ብዘተኣማምን ኩነታት ዘኽብር ሓይሊ ባሕሪ እዩ ክፈርስ ተገይሩ። እዚ ከም ሃገር ዓብዪ ክሳራ ዘስዐበ እዩ ነይሩ። ድሕሪ እዚ ኩሉ ክሳራን ፃኒሕት ኣመታትን ንድሓር ናይ ሕዚ ከባቢ ሰለስተ ዓመት ብዝመፀ ለውጢ ምኽንያት ሓይሊ ባሕሪ ከም ሓዱሽ ክጣየሽ ተገይሩ እዩ።

ሓዱሽ ሓይሊ ባሕሪ ምጥያሽ ብፍላይ ሕዚ ዘሎ ኩነታት ጂኦ-ፖለቲክስ ናይ ምስትኽኻል ጉዳይ እዩ ዘሎ። ካሊእ ልዕሊ 95 ሚኢታዊ ዝኸውን ናይ ሃገርና ወፃኢን ኣታዊን ዝመላለስ ኣብ ባሕሪ እዩ። ኣብ ባሕሪ ዝስትውዐል ዘሎ ሽፍትነት ንዓለም ዘስግእ እዩ። እዚ ኩነታት እዚ ብኸምዚ ዓይነት ባሕሪ ንጥቕም ኮይና ናይ ኣታዊን ወፃኢን ፍርያት ድሕንነትን፣ብሄራዊ ጥቕሚ ሃገርና ምሕላው ሓደ ስትራቴጂና እዩ። ካብዚ ወፃኢ ድማ ሃገርና ካብ ጎረቤት ሃገራት ዘለዉ ወደባት 60ን 65ን ኪሎ ሜትር ጥራሕ እያ ሪሒቓ እትርከብ፤ ብዝኾነ ዓይነት ኩነታት ካብ ባሕሪ ተበጊሱ ኣብ ሃገርና ዝፍኖ መጥቓዕቲ እንተልዩ ብቐሊሉ ንምክልኻል የኽእል እዩ።

ብሓፈሻ ሓይሊ ባሕሪ ምጥንኻሩ ናይታ ሃገር ብሄራዊ ጥቕሚ ንምኽበርን ኣታዊን ወፃኢን ምህርቲ ብሰላም ክኅዓዓዝ ብምግባር ዓብዪ ትርጉም ኣለዎ እዩ።

ብኻሊእ ወገን ድማ ሓይሊ ምድሪ፣ሓይሊ ባሕር፣ ሓይሊ ኣየር፣ ሳይበርን ስፔስ ኮማንድን እዚኦም ኩሎም ብሓደ ክጠናኸሩ እንተለዉ እዩ ድሕንነት ሃገር ክሕሎ ዝኽእል።

**ሕቶ፦ ሱዳን ዶብ ኢትዮጵያ ሓሊፋ መሬት ምውራራ ዝፍለጥ እዩ። እዚ ኩነታት እዚ መበገሲኡ ምናልባሽ ኢትዮጵያ ብናይ ውሽጣ ፀገም ተዳኺማ እያ ካብ ዝብል ሓሳብ ዝፈልፈለ እዩ። ምስ እዚ ተተሓሒዙ ሕዚ ከም ሃገር ዓርስና ናይ ምክልኻል ዓቕምና ኣብ ምንታይ ብርኪ ደርከብ ይብሉ?**

**ኮሞዶር ዋስፃ፦** ክንርደኦ ዘለና ፀላእትና ሕዚ ብዘሎ ኩነታት ብቐጥታ እናተዋግኡና ኣይኮኑን ዘለዉ። ናይና ውሽጣዊ ክፍተት እናተጠቐሙ እዮም ዝርከቡ። ኮይኑ ግና ሕዚ ዘሎ ጥንካረ ሰራዊትና ሓድነቱ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ዝጠንከረን ዝዳበረን እዩ ዘሎ። ከም ዜጋ ኣብ ውሽጥና ዝኾነ ዓይነት ናይ ፖለቲካን ኣተሓሳስባን ፍልልይ ክህሉ ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ጉዳይ ሃገርና ሓደ ኢና። ሰራዊትና ድማ ካብ ኣቐራረፅኡ ጀሚሩ ዝተፀንዐ ብምዃኑ ናይ ማንም ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ የብሉን፤ ልኣላውነት ሃገር ከይድፈር ናይ ምሕላው ሓላፍነት እዩ ዘለዎ። ነዚ ተረዲኡ በዚ መገዲ እዚ እዩ ሓላፍነቱ ብዝግባእ እናተዋፀአ ዝርከብ።

ብኻሊእ ወገን ሓይሊ ኣየር፣ ሓይሊ ምድሪ፣ ሓይሊ ባሕሪ ካልኦትን ኣብ ናይ ዓውደ ውግእ ብምጥማርን ተወዲቦም ብምንቕስቃስን ድሕንነት እታ ሃገር ንምሕላው ዘኽእል ኣብ ዘተኣማምን ዓቕሚ እዮም ዝርከቡ። ዝኾነ ዓይነት ፀላኢ ብዝኾነ ዓይነት ይምፃእ ክደፍረና ኣይኽእልን። ምኽንያቱ ዓቕምና ኣብ ዘተኣማምን ብርኪ እዩ ዝርከብ። ባሕሪ ሓይሊ ከም ባሕሪ ሓይሊ ሕዚ ዘለዎ ድልውነት ቐፃሊ ክመፁ ዝኽእሉ ነገራት ኩሉ ተሓሳቢ ዝገበረ ብምዃኑ ሕዚ እንተይኮነ ፅባሕ እንድሕር ፅባሕ ብባሕሪ ክመፅእ ዝኽእል ጥቕዓት ንምክልኻል ዘኽእል ብርኪ ክህልዎ ተገይሩ እናተሰርሐ እዩ ዝርከብ። ሕዚ ብዘለዎ ኩነታት ሓይሊ ኣየርናን ሓይሊ ባሕርናን እንተሪኢና ኣሎ ዝባሃል ምድላው ቴክኖሎጂ ዝተዓጠቐ፣ ብብቕዓት ብኣካልን ብስነ ምግባርን ዝተሃነፀ ብምዃኑ ዝኾነ ፀላኢ ንምምካት ዘኽእል ኣቕሚ ኣለዎ።

ሓይሊ ባሕሪ እንተኾነ ‘ውን ተመሪፆም ናብቲ ሞያ ዝኣትዉ ሰባት ካብ ምምልማል ጀሚሩ ኣብ ውሽጥን ደገን ሃገር ዝወስድዎ ዘለዉ ስልጠና ብጣዕሚ ዝተፀንዐን ውፅኢታዊ ዝገብርን ምስ ምዃኑ ተተሓሒዙ ሓይሊ ባሕርና ንቐፃሊ ዓብዩ ስራሕ ዝሰርሕ ከምዝኸውን እዩ ዘርኢ። ሕዚ ‘ውን እንተኾነ ናይ ደገ ፀላእቲ ኣብ ዝፋታተኑና እዋን ሓይሊ ኣየርና ንምምካት ኣብዘተኣማምን ኩነታት እዩ ዝርከብ። ስለዚ ምስ ካልኦት ሓይልታት ብሓደ ኮይኑ ግቡኡ ንምውፃእ ዘኽእል እኹል ሞራልን ድልውነትን ከምኡ ‘ውን ብቕዓት ዘለዎ ሓይሊ ባሕሪ ከምዘለና ክዛረብ እኽእል እየ።

**ሕቶ፦ በዚ መልክዕ እዚ ናይ ባዕልና ዓቕሚ እናጠናኸርና ጎኒ ንጎኒ ዓቕሚ ፀላእትና ምፅናዕ ድማ ወታደራዊ ሳይንስ ዝእዝዞ ተግባር እዩ ዝመስለኒ። ስለዚ ኣብዚ ኩነታት እዚ ዘለና ምድላው ኣብ ምንታይ ብርኪ እዩ ዝርከብ?**

**ኮሞዶር ዋስፃ፦** ሓቒ እዩ ሓይሊ ሚዛን ምሕላው ከም ሓደ ወታሃደራዊ ሳይንስ ዝረአ እዩ። ፀላእትና ኣብ ሃገርና ጥቕዓት ንምፍፃም ዝሓስቡ ከምዘለዉ ስለ እንፈልጥ ናቶም ዓቕምን ናይና ዓቕምን እንታይ ከምዝመስል ምርኣይ መሰረታዊ ነገር እዩ። በዚ መሰረት ከምዚ ዓይነት ስራሕ ተሰሪሑ እዩ ኢለ ብዝርዝር ምዝራብ ዋላ ኣይንኽኣል፤ዓቕምና ንምጥንኻር ብዙሕ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም።

ካብ ዝሰራሕናዮ ስራሕ ብምብጋስ ናይ ባዕልና ዓቕሚ እንትንርኢ ድማ ብጣዕሚ ዘተኣማምን እዩ። ጎረባብትና ሃገራት ምሳና ዘለዎን ፀገም ብዲፕሎማስያዊ መገዲ ብምዝርራብን ብምድምማፅን ምፍታሕ ድማ ቐዳምነት ንህቦ ጉዳይ እዩ ዝኸውን። ካብዚ ሓሊፉ ግና ብሉኣላውነትናን ብብሄራዊ መንነትናን መሰረት ገይሩ ጥቕዓት ንምፍፃም ዝሙኩር ሓይሊ እንተሃልዩ ብዘተኣማምን ኩነታት ምምካት ዘኽእል ሓይሊ ኣሎ እዩ። ንሳቶም ምስ ዘለዎም ዓቕሚ ክረአ እንተሎ እኹልን ተማጣጣኒ ብቕዓት ዘለዎ ሓይልን ምድላውን ኣለና።

**ሕቶ፦ ናይ ቅድሚ ሕዚ ብዙሕ ልምዲ ዘለዎም ሓይሲ ባሕሪ ሕዚ ነዚኦም ኣብ ምጥቃም ዘሎ ኩነታት እንታይ ይመስል?**

**ኮሞዶር ዋስፃ፦** ካብ መበገሲ ከም መርኣያ ወይ ፅቡቕ ተሞክሮ ገይርና ዝተጠቐምናሎም ንሳቶም እዮም። ሕዚ ‘ውን ብዕድመ ዝደፍኡ ዋላ ይኹኑ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ስርዓት ካብ ምቕራፅ፣ ኣባል ሓይሊ ባሕሪ ንምግባር፣ብትምህርቲ፣ዕድመ ከምኡ ‘ውን ብኣካል ብቕዓት እንታይ ዓይነት ሰብ እዩ ክምረፅ ዝኽእል ኣብ ዝብል ምኽሪ ኣብ ምሃብ ዓብዩ ግደ ነይርዎም እዩ።

ንሕና ካብ እተፈላለየ ኽፍልታት ወተሃደራት ኢና መፂእና። ናይ ሓይሊ ባሕሪ መሰረታዊ ስልጠና ‘ውን የብልናን። እንተኾነ ግና ካብ እተፈላለያ ሃገራት ዝረኸብናዮ ተሞክሮን ብኣማኸርቲ ካብ ተፈላለዩ ሃገራት ዝመፁ ሰብ ሞያ ዋላ ይንበሩ እዞም ናይ ቕድሚ ሕዚ ዝነበሩ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ዝገበርዎ ኣስተዋፅኦ ቐላል ዝባሃል ኣይኮነን። ብምዃኑ ቅድሚኡ ካብ ዝነበረ ሓይሊ ባሕሪ ተበጊሶም ሕዚ ዝሓሸ ሓይሊ ባሕሪ ንምህናፅ ድሌት ስለ ዝነበሮም ንዓና ብሞራል እናደገፉ ኣብዩ ስራሕ ሰሪሖም እዮም።

**ሕቶ፦ኮሞዶር ንባዕሉም መብዛሕትኡ ናይ ስራሕ ሂወቶም ዘሕለፍዎ ኣብ ሓይሲ ኣየር እዩ። ሕዚ እዚ ትካል እዚ ብዝተራቐቐን ብዝዘመነን ቴክኖሉጂ ዝሕገዝ ብምኻኑ ብኣፍሪካ ፍሉጥ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ እዩ። እዚ ባሕሪ ሓይሲ ”ውን ኣብ ከምዚ ዓይነት ብርኪ ክበፅሕ ካብ መን እንታይ ዓይነት ትፅቢት ይግበር ይብሉ?**

**ኮሞዶር ዋስፃ፦** ሓይሊ ኣየር ሕዚ ኣብዘለዎ ብርኪ ክበፅሕ በቢ ስርዓቱ ተደማሪ እናኾነ ምምፅኡ ጠቒምዎ እዩ። ከም ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ሓደ እዋን ተቐሪፁ ዝቐረየ ኣይኮነን። ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ድማ ኣብ ውሽጢ ኣፍሪካ ኣብ ጥቕሚ ዘይዋዓሉ ድሮናት ኣብ ጥቅሚ ብምውዓል ናይ ሃገር ድሕንነት ንምሕላው ዘኽእሉ ስራሕቲ ይሰርሕ ኣሎ እዩ።

ሕዚ ሓይሊ ባሕሪ መሰረት እናሓዘ እዩ፤ ጠንካራን ፅዕንቶ ፈጣሪን ሓይሊ ባሕሪ ንምጥያሽ ዘኽእል ስራሕቲ እዩ ኣብ ዝሕዚ ሰዓት ዝስራሕ ዘሎ፤ እዚ ድማ ብዕጥቒ፣ሓይሊ ሰብ፣ ድልውነት ስልጠናን ብኹሉ መዳይ ውፅኢታዊ ዝኾነ ስራሕ ሰሪሕና ፅዕንቶ ፈጣሪ ዝኾነ ሓይሊ ባሕሪ ንምህናፅ ወሰንቲ ዝባሃሉ ስራሕቲ እናሰራሕና ኢና። ግና እዚ ውፅኢት እዚ ንኽመፅእ ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ዝተመደበ ሰብ ጥራሕ እንተይኮነስ ኩሉ ዜጋ ሓገዝ ክገብር ይግባእ። ሕዚ ብዘሎ ኩነታት መንግስቲ እቲ ዘፈር ምእንቲ ክጣናኸር ልዑል ሓገዝን ፃዕርን እናገበረ እዩ። መከላኸሊ ድማ ንዝኾነ ይኹን ሕቶታትና ቕልጡፍን ፈጣንን ምላሽ ኣብ ምሃብ ልዑል ግደ እናተፃወተ እዩ ዝርከብ። ከምዚ ብምዃኑ እዚ ሓይሊ እዚ ክድልድል ዝተጀመረ ብዙሕ ደገፍ ክቕፅል እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ድሕሪ ሓፂር እዋን ትንሳኤ እነብስረሉ ክኸውን እዩ ኢለ ይሓስብ።

**ሕቶ፦ ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ስለዘየብላ ሓይሲ ባሕሪ እንታይ ክገብረላ እዩ፤ ከመይከ ከትጥቀመሉ እትኽእል ዝብሉ ኣካላት ኣለዉ። ነሶም ኣብዚ ዘለዎም ርኢቶ እንታይ እዩ?**

**ኮሞዶር ዋስፃ፦** በሪ ባሕሪ ዘይብሎም ሃገራት ኮይኑ ግና ጠንካራ ሓይሊ ባሕሪ ዘለዎም ከም ኣብ ኣፍሪካ፣ ኤዢያ፣ ላቲን ኣሜሪካ ብዙሓት ሃገራት ኣለዉ እዮም። ንኣብነት ኣብ ጅቡቲ ዝሰፈሩ 26ን 27ን ሃገራት ኣለዉ እዮም። እዞም ሃገራት እዚኦም ድማ ምስ ሃገርና እንትነፃፀር ብኣሻሓት ኪሎ ሜትራት ኣቋሪፆም ብምምፃእ ዝሰፈሩ እዮም። ንሕና ድማ ካብ ዶብና ናብቲ ባሕሪ ንምብፃሕ 60 ኪሎሜትር ጥራሕ እዩ ክንጎዓዝ ትፅቢት ዝግበረና። ከምዚ ዓይነት ኣብ ዘለዎ ኩነታት በሪ ባሕሪ የብልናን ኣየድልየናን ማለት ዘይምፍላጥ እዩ። ትኽክል ኣይኮነን።

ካብ ጎረቤት ሃገራት ብሊዝ ቦታታት ብምግዛእ ከም ማንም ሃገር ናይ ባዕልና ግዝኣት ምምስራት ይከኣል እዩ። ብምዃኑ ወፃኢን ኣታዊን ፍርያት ሃገርና ዝጎዓዘሉ ከባቢ ናይ ምፍላይ ስራሕቲ ተሰሪሑ እዩ። ኣየናይ ወደብ እዩ ዘድልየና ዝብል ተፀኒዑ ቐሪቡ እዩ። እዚ ፅንዓት እዚ ውሳነ እንትረክብ መሰረተ ልምዓታትና ኣማሊእና እንሰርሐሉ ኩነታት እዩ ዝኸውን።

ሃገርና እናዓበየት ምስ እትኸድ ፀላእቲ እናበዝሑ እዮም ዝኸዱ፤ ምስ እዚ ተተሓሒዙ ካብ ባሕሪ ዝፍነዉ መጥቃዕቲ ምክልኻልን ናይ ባዕልኻ ሃገራዊ ድሕንነትን ንምሕላው ሓይሊ ባሕሪ ኣገዳሲ ግደ ኣለዎ። ብተወሳኺ እነእትዎን ሰደድ እንገብሮን ምህርቲ ሰላማዊ ከይዲ ክህልዎ እዩ ዝገብር፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ባሕሪ እናበዝሐ ዝኸይድ ዘሎ ዓማፂ ምስ ምብዝሑ ተተሓሒዙ ኣብ ግምት ብምእታው መራኽብና ምዕጋት እንተጋጢምዎም ናይ ካልኦት ሃገራት ባሕረኞታት በጃኹም ኣልቑቕልና ምባል ቐሊል ኣይኮነን። ስለዚ ዓርስኻ ናይ ምክልኻል ግደ ቀሊል ኣይኮነን። ወደብ የብልናን ዝብሉ ሰባት ትኽክል እዩ፤ እወ የብልናን። እንተኾነ ግና በሪ ባሕሪ ዘይብሎም ሃገራት ብባሕሪ ሓይሎም ፍሉጣት ብዙሓት ሃገራት ኣለዉ እዮም። ስለዚ ኣፍ ደገ ባሕሪ ስለ ዘይብልና ሓይሊ ባሕሪ ኣየድልየናን ማለት ጌጋ እዩ።

**ንዝነበረና ፃኒሕት የቐንየለይ።**

**ኮሞዶር ዋስፃ፦** ኣነ ‘ውን የቐንየለይ።



# እዋናዊ ኩነታት ክልል ትግራይ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣብ ትግራይ ዝተኻየደ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ስዒቡ ዝተፈጠረ ቕልውላው ክልል ትግራይን ህዝብን ኣብ ዝተፈላለዩ ፀገም ይርከቡ። ሰባት ሞይቶም፣ተመዛቢሎም፣ትካላት ዓንየን…እየን። እቲ ክልል'ውን ብግዝያዊ ምምሕዳር እንዳተመርሐ ኩነታት ናብ ዝነበርዎ ንምምላስ ፃዕሪ እናገበረ ይርከብ። ፌደራል መንግስትን ዓለም ለኸን ሃገር ለኸን ዘይመንግስታዊ ትካላት'ውን እጃሞም እናወፈዩ ይርከቡ። ምስቲ ዝበፅሐ ጉድኣት ዓለም ለኸ ትካላትን መንግስታት ትኸክለኛ ሓበሬታ ንኽረኽቡ መንግስቲ ፃዕሪ እናገበረ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ምኽትል ቐዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ጉዳይ ወፃእን ኣይተ ደመቀ መኮንን ኣብ ዝመርሐዎ መድረኽ ንዓለም ለኸ ትካላት ዝተውሃበ መብርህን ብቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስቴር እቲ ጉዳይ ግልፂ ዝገብሩ ሓበሬታታት ዕላዊ ተገይሮም እዮም።

ምኽትል ቐዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ጉዳይ ወፃእን ኣይተ ደመቀ መኮንን ኣብ ክልል ትግራይ ዝተኻየደ ምኽባር ሕጊ ተኸቲሉ ኣብ ትግራይ ዝተርኣዩ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ዝተረኸቡ ውፅኢትን ዝተስተዋዓሉ ፀገማትን ንምግላፅ ኣብ ዝተዳለወ መድረኽ ኣብቲ ክልል ብዙሓት ኢድ ኣእታውነት ዝስተውዓሉ እንተኾኑ እውን መልሲ ዘይብሉ ሕቶታት ክሳብ ኸዚ ዝተረኸበ ፖለቲካ'ውን ብሕጊ እውን ተቐባልነት የብሉን ኢሎም።

ሰብኣዊ ሓገዝ ብዝምልከት መንግስቲ ኣብ ቀዳማይ ዙርን 4ነጥቢ 5ሚልየን ሓገዝ ከምዝተገበረን ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ዙር ድማ 4ነጥቢ 9ሚልየን ሰባት ሓገዝ ተገይሩ እዩ። ኣብቲ ክልል 1ነጥቢ9ሚልየን ተመዛበልቲ ንምሕጋዝ ዝተገበረ ፃዕሪ ካብ ምዕራብ ትግራይ ዝተመዛበሉ ተመዛበልቲ ንምጥያሽ ምስ ኣምሓራን ትግራይን ክልላዊ መንግስቲ ዘተ ንምግባር ከምዝተሓሰበ ገሊፆም እዮም።

ኣብቲ ክልል ጥዕና ትካላት 46.5ሚኢታዊ ዝኾኑ ክሳብ ኸዚ ንክሰርሑ ተገይሩ እዩ። ተመዛበልቲ ናብ ዝሓሸ ኸባቢ ብምውሳድ ቤት ትምህርትታት ናብ ስራሕ ንክምለሱ እናተገበረ እዩ ፤ኣብቲ ክልል 70ሚኢታዊን 1ነጥቢ2ሚልየን ሓረስቶት ዘሳትፍ ሕርሻ ተዳልዩ እዩ። እዚ ስራሕ ኣጠናኺርካ ንምኻድ ግና ፀገም ዓቕሚ ከምዘሎ ተገሊፁ እዩ።

ዝፈረሱ መሰረተ ልምዓት መሊስካ ንምጥያሽ ግልጋሎት ህዝቢ ሙሉእ ንምሉእ ንምሃብ ዕንቅፋት ስለዝኾነ ፋብሪካ ጨርቃጨርቅን ሲሚንቶን ሓዊሱ ኣብቲ ክልል ሓደሓደ ፋብሪካታት ስራሕ ጀሚሮም እዮም። ኣብቲ ክልል ዝተፈጠሩ ፀገማት ብዝተሰሓሓተ መገዲ ዝቐረቡ ዘይተረጋገፁ ሪፖርት ሰብኣዊ ኣጋራት ዝጥቀሱ እዮም።

ሚኒስትር ምክልኻል ቀንኣ ያዳታ ወታደራት ኤርትራ ንኽለቁ ናይ ምግባር ከይዲ ቀዲሙ ከምዝጀመረ ኣረጋጊፆም እዮም። ኣብ ውሑዳት ቦታታት ጎንፂ እንተሃለወ እውን ህወሓት ንመከላኸሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ክወግእ ዓቕሚ የብሉን ኢሎም። ጀነራል ኣለምሸት ደጋፌ ከምዝበልዎ ድማ ምዕራብ ማይጨው ፤ቦራን ተምቤን ዝበሉ ሓደ ሓደ ቦታታት ፀገም ብምፍጣር ኣብቲ ኸባቢ ዘጋጠመ ጥምየት ሓገዝ ንኸይረክብ ንምግባር ተሞኪሩ እዩ ኢሎም።

ዋና ስራሕ ፈፃሚ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ዶክተር ኣብርሃም በላይ ኣብ መቐለ ግዝያዊ መፅለሊ ናይ ምህናፅ ስራሕቲ ብመንግስቲ ዝተሰርሑ እንተኾኑ ብዓለም ለኸ ትካላት ዝተሰርሐ 10 ሚኢታዊ እውን ኣይመልእን ኢሎም። ዓለምለኸ ሓገዝ ትካላት ዝተጠናኸረ ስራሕን ሰብኣዊ ሓገዝን ምቕራብ ትፅቢት ከምዝግበር ገሊፆም እዮም።

ሚኒስትር ሰላም ወይዘሮ ሙፈሪሃት ካሚል ብወገነን መንግስቲ እናሰርሐ ዝርከብ መሊስካ ንምጥያሽ ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከቡ ቤት ትምህርት ንክኽፈቱ 95ሚልየን ብር ሚኒስቴር ትምህርቲ ሓገዝ ኣቕሪቡ እዩ። ሚኒስቴር ገንዘብ ድማ ኣብቲ ክልል ንዝርከቡ ስራሕ ሕብረት ብር 100 ሚልየን ሓገዝ ገይሩ እዩ።

ሰብኣዊ ሓገዝ ንምቕራብ ዝደልዩ ኣካላት ብዝተቐመጠ ደንቢ መሰረት ብነፃነት ንኽንቀሳቐሱ እናተገበረ እዩ። ቪዛ ኣብ ዝጥይቕሉ እዋን ድማ ኣድላይ ምትሕብባር እናተገበረ ካብ ኤርፖርት ጀሚሩ ብሓደ ማእኸል ዝተኣናገዱ ኣካላት ተመዲቦም እዮም። መንግስቲ እዚ ፃዕሪ እንተገይሩ ዓለም ለኸ ትካላት ድማ ኣብ ክልል ትግራይ ተረኺቦም ኣድላይ ናውቲን ገንዘብን ሓገዝ ክገብሩ ይግባእ ኢለን።

ኣብ ቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስትር ጠቕላሊ ዓቃቢ ሕጊ ዶክተር ጌዲዮን ጢሞቲዮስ ምስ ፅሕፈት ቤት ቀዳማይ ሚኒስትር ሓላፉት ቋንቋታት ወፃእን ዲጅታል ሚድያ ቢልለኔ ስዩም ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ፣ኣብ ትግራይ ቅትለት ሰላማዊ ሰባትን ፆታዊ መጥቃዕቲ ተደሓሒዙ 53 ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኽሲ ተመስሪቱ እዩ ። ኣብ ማይካድራ ንፁሃን ዜጋታት ምስ ዝቐተሉ ተደሓሒዙ 200 ሰባት ከምዝተፈለዩን ካብዚኣቶም እቶም 23 ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ውዒሎም ኽሲ ተመስሪትሎም እዩ።

ኣብ ክልል ትግራይ ተፈፂሙ ዝተብሃሉ ገበን ብምፅራይ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ፣ ምርመራ ገበን ፌደራል ፖሊስ፣ ሰብኣዊ መሰል ላዕለዎት ኮምሽን ሕቡራት መንግስታት ፤ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ ብሕብረት እናሰርሑ እዮም።

ዶክተር ጌድዮን ጢሞቲዮስ ከምዝበልዎ፣ ስራሕ ፈፃሚ ኣባላት ህወሓት ዝተዓጠቑ ወታደራት ብምድርጃው እዚ ሰሜን ካብ ምጥቃዕ ጀሚሩ ጥሕሰት ሕገ መንግስቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ኸባቢታት እርስ በርስ ኹናት ንክፍፀም ፃዕሪ ከምዝገበሩ ከምዝረጋገፁ ገሊፆም እዮም።

ህወሓት ኣብ ትካላት ፌደራል መንግስቲ ዝርከቡ ፌደራል ፖሊስ መጥቃዕቲ ፈፂሙ እዩ። ትካላት እውን ኣዕኒዉ እዩ። ብገበን ዝተጠርጠሩ ውሑዳት ውልቀ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ውዒሎም ምርመራ እናተኻየደሎም እንትኸውን ፤ኻልኦት ናይ ምእላሽ ስራሕቲ ተጠናኺሩ ከምዝቐፀለ ተገሊፁ እዩ።

ኣብ ሰላማዊ ዜጋታት ቅትለት ስዒቡ 28፤ ከምኡ'ውን ካብ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተደሓሒዙ 25 ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ናብ ሕጊ ቐሪቦም እዮም። ኣብ ማይካድራ ኢዶም ኣለዎ ካብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብዛሓ ናብ ሱዳን ከምዝሃደሙ ተገሊፁ እዩ። ኣብ ትግራይ ንፁሃን ዜጋታት በፂሑ ዝተብሃለ ኢድ ኤርትራውያን ወታደር ኣለዎ ዶ? ንዝብል ሕቶ «ኣብ ሓደ ሓደ ገበናት ኣለዉዎ»ብምባል መልሲ ሂቦም እዮም።

ኣብቲ ክልል ብዝተገበረ ሰብኣዊ ሓገዝ ብር ን5ነጥቢ2ሚልየን 166ሽሕ ሜትሪክ ምግቢ ተኸፋፊሉ እዩ። ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ትግራይ ሓዊሱ ሽድሽተ ትካላት ረድኤት ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምትሕብባር ረድኤት እናቕረቡ እዮም። ወታደር ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ መኣዝ ከምዝወፁ ሕቶ ዝቀረበ እንትኸውን እዚ ሕቶ ንዝምልከቶ ኣካል ከምዝቐረበን እቲ ከይዲ ግና ከምዝተጀመረ ገሊፆም።

ኣብ ቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስትር ፕሬስ ሴክሬታሪ ሓላፊት ቋንቋታት ወፃኢ ዲጅታል ሚድያ ቢልለኔ ስዩም ኣብ ዝሃበኦ መግለፂ ድማ፣ ኣብ ክልል ትግራይ ሰብኣዊ ድጋፍ እናቐረበ ከምዝኾነ ኣፍሊጠን እየን።

ኣብ ትግራይ ዘሎ ሓፈሻዊ ኹነታት ብዝምልከት ኣብ ዝሃበኦ መብርሂ ክሳብ ኸዚ ሰለስተ ዙር ሓገዝ ምግቢ ተዋሂቡ እዩ፡ኣብዚ ኸዚ ሓገዝ እናተገበረሎም ካብ ዘለዉ ቴስዓን ኸልተን ወረዳታት እቶም ሰብዓን ትሻዓተን ዘይመንግስታዊ ትካል ገባሪ ሰናይ ትካላት ፤እቶም ዓሰርተ ሰለስተ ብፌደራል መንግስቲ ሓገዝ እናተገበረሎም ምኧኑ ተገሊፁ እዩ።

ሰብኣዊ ሓገዝ ናውቲ እኹል ዝኾነ ተበፃሒ ንምግባር ኣብ መቐለ ማእኸል መተሓባባሪ ተጣይሹ እዩ። እቲ ማእኸል ምግቢ ካልኦት ሰብኣዊ ሓገዛትን ብዝተደራጀወ መልክዑ ንምግባር ዝጠቅም እዩ። እዚ ድማ ብኣርባዕተ ብርኪ ብክልል፣ብዞባ፣ብወረዳን ብምግቢ መዐደሊ ጣብያታትን እናተተግበረ ይርከብ ኢሎም እዮም። እዚ እውን ዝተጀመረ ሓገዝ ብዝድለ ብርኪ ተበፃሒ ንምግባር ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ፀጥታ ፀገም ሕፅረት ናውትን ገንዘብን ከምኡ'ውን ዝተዛበዐ ሓበሬታ ምውፃእ ዕንቅፋት ከምዝኾነ ኣመላኪተን እየን።

ሰራዊት ምክልኻል ሓረስቶት ንከይሓርሱ እናገበረ እዩ ዝብል ዝተሰሓሓተ ሓበሬታ ከምዝኾነ ተገሊፁ እዩ። ዝተጀመረ ሕጊ ምኽባር ምንቅስቓስ ውፅኢታዊ ንምግባር ኣርባዕተ ሽሕ ዝበፅሑ ናይቲ ክልል ፖሊስ ስልጠና እናተውሃቦ እዮም።

ሚኒስትር ሰላም ምስ ኽልተ ሽሕ ዝበፅሑ ነበርቲ ዘተ እናኻየደ እዩ። ሓደ ሽሕ ሰለስተ ሚኢቲ መናእሰይ ንሰናይ ተግባር ግልጋሎት ስልጠና እናተውሃቦም እዩ። ሚኒስትር ትምህርቲ ገንዘብ ብምምዳብ ቤት ትምህርትታት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንክጅምሩ እናገበረ ከምዝኾነ ተገሊፁ እዩ።

ኣብቲ ክልል ኣብ ዝተፈለለዩ ቦታታት ተፈፂሙ እዩ ዝተብሃለ ኣገዲድካ ምድፋር ገበን እናተፃረየ ከምዝርከብ ክሳብ ኸዚ ኣገዲደድካ ብምድፋርን ንፁሃን ብምቕታልን ዝተጠርጠሩ 60 ወታደራት ጉዳዮም ብቤት ፍርድ ሰራዊት እናተርኣየ እዩ። ካብዚኦም ድማ እቶም ዝተወሰኑ መቅፃዕቲ ውሳነ ተወሲንሎም እዩ። ኣብ ማይ ካድራ ዝተፈፀመ ጭፍጨፋ ከይዲ ምፅራይ ከምዝተዛዘመ ተገሊፁ እዩ።

ብተወሳኺ ሕቡራት መንግስታትን ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ ብሕብረት ጉጅለ ምርመራ ብምጥያሽ ኣብቲ ክልል ተፈፂሙ ዝተብሃለ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል እናተፃረየ ይርከብ። ነዚ እውን መንግስቲ ብዝኣተዎ ቃል መሰረት ምስ መዳርግቲ ኣካላት ብቐርበት እናሰርሐ ከምዝኾነ ገሊፆም እዮም።

ግልጋሎት ጥዕና ቀረብ ማይ ብስፍሓት እናተሰርሐ ከምዝኾነ ፤ኤሌክትሪክን ስልክን ግልጋት ብዝተማለአ ኩነታት ንምቕራብ ፃዕሪ እናተገበረ ከምዝኾነ ገሊፀን እየን ።

ፌደራል መንግስቲ ንሽድሽተ ኣዋርሕ ዝፀንሕ ህፁፅ ኣዋጅ 25 ጥቅምቲ 2013ዓ.ም ዘውፅአ እንትኾን ካብ ዝዛዘም ሓደ ወርሒ ኾይንዎ እዩ። ኾይኑ ግና ኣብ ክልል ትግራይ ኸዚ ወታደራዊ ኮማንድ ፖስት ምህላዉ ኣብቲ ነባራይ ግርታ ፈጢሩ ይርከብ።

ጠቕላሊ ዓቃቢ ሕጊ ጌድዮን ፤ኣብ ክልል ትግራይ ዝነበረ ህፁፅ ጊዜ ኣዋጅ ሽድሽተ ወርሒ ብምዝዛሙ ተግባራዊ ምኧኑ ኣብቂዑ እዩ ኢሎም። ኾይኑ ግና ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ብዘሕለፎ ውሳነ መሰረት ፌደራል መንግስቲ ሕጊ ኣኽበርቲ ሓይልታት ፃንሒት ዝቕፅል ከምዝኾነ ኣረዲኦም አዮም። ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ኣዋጅ ቁፅሪ 359/95 ብዝተውሃ ስልጣን መሰረት መንግስቲ ፌደራል ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ኣስጋኢ ካብ ዝበሎ ሓደጋ ንምትራፍ መንግስቲ ፌደራል ኣብ ክልል ትግራይ ጣልቃ ንክኣቱ 28 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ከምዝወሰነ ዝዝከር እዩ።

ብተወሳኺ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ቤት ምኽሪ መንግስቲ ክልል ትግራይ ንክእገድን ንፌደራል መንግስቲ ተፀዋዒ ዝኾነ ግዝያዊ ምምሕዳር ንከጣይሽ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ዝወሰነ እንትኸውን ፤ፌደራል መንግስቲ ኣብ ክልላት ስልጣን ጣልቃ ንክኣቱን ስጉምቲ ንክወስድን ብዝፈቅዶ ኣዋጅ ቑፅሪ 359/95 መሰረት ካልኦት ክውስዱ ዝግበኦምን ስጉምቲ መንግስቲ ፌደራል ንክወስድ ንቐዳማይ ሚኒስትር ስልጣን ከምዝተውሃበ ዝዝከር እዩ። በዚ ኣዋጅ መሰረት ዝተጣየሸ ግዝያዊ ምምሕዳር ኣብ ሓደ ክልል ዝነህልዎ ፃንሒት ካብ ኽልተ ዓመት ከምዘይበለልፅ ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት እንተኾይኑ ግና ንሽድሽተ ኣዋርሕ ተወሳኪ ክፍቀድ ከምዝኽእል እቲ ኣዋጅ ይድንግግ እዩ ኢሎም።

ወጋሕታ

# ዜና

# ናይዚ ለውጢ ዋና ዕላማ ቃል...

ለውጢ እዚ ዋና ዕላማ ቃል ምእታው፣ ቃል ምኽባርን ምፍፃምን ከምዝኾነ ኣመልኪቶም።

በዙይን ብኻልኦትን ፕሮጀክትታት ከይዲ ውሽጢ ፈተናታት ብልፅግና ኢትዮጵያ ከንግምግም እንተለና ዝፈለናዮም ክልተ ፀገማት እዮም ዝበሉ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ፣ እቶም ፈተናታት እቲ ሓደ ካብ ባንዳታት ከምዝገጥሙና ገምጊምና ኢና ኢሎም። ካብዚ ኦም ዝገጥሙና ፈተና ኩሉ ባንዳ ሕዚ'ውን ከም ጣልያን ግዜ ሃገሮም እንድሕር ዘይሸይጦም ስራሕ ዝሰርሑን ዝተሳኸዐሎም ከምዘይመስሎም ኣፍሊጦም።

ዝተጀመረ ጉዕዞ ለውጢ ዋና ዕላምኡ ኢትዮጵያ ምስ ባዕላ፣ ደቓ፣ ባሕላ፣ ታሪኻ፣ ሕብረ ብሄራዊነታ፣ ሃፍቲ ተፈጥሮኣ፣ ምትዕራቕ እዩ፤ እዚ ዕርቕን ጉዕዞ ዕርቕን ብልፅግና ኢትዮጵያ ንምርግጋፅ መሰረት ከምዝኾነ ኣመልኪቶም።

ፕሮጀክት ገበታ ንሃገር ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ኣብ ወንጪ፣ ጎርጎራን ኮይሻን ዘድንቕ ስራሕቲ ጀሚሩ እዩ። እዞም ፕሮጀክት እዚኦም ተወሳኺ ሃፍቲ ወፂእዎም ሸሞንተ ዓመት ደንጉዮም እንተይበልና ብግዚኡ ሰሪሕና ክምረቑ ብምግባር ሓጎስና ተደራራቢ ክንገብሮ ኢና ኢሎም።

ቕፅሪ ኽልተ ፋብሪካ ጣና በለስ ብኣመራርሓ ለውጢ ቆራፅነት ሪፎርም ኣንፈት ብኢንዱስቱሪ ዝተበላሸዉ ጅማሮታት ብሓፅር እዋን ብምስትኽኻል ምስኻፅ ከምዝካኣል መርኣያ ከምዝኾነ ኣመልኪቶም እዮም።

እቲ ፋብሪካ ብምሉእ ዓቕሙ ምምራት እንትጅምር ቃንጫ ሸኮር ተረፈ ምርቲ ብምጥቃም 45 ሜጋ ዋት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ናይ ሓይሊ ቋት ምእታው ከምዝካኣል፣ 20 ሜጋ ዋት ብምጥቃም ድማ ዝተረፈ ናብ ብሄራዊ ቋት ምእታው ከምዝካኣል ኣፍሊጦም።

ፋብሪካ ሽኳር ጣና በለስ ቁፅሪ ሓደ ብ18 ኣዋርሕ ክውዳእ እዩ ተባሂሉ ትፅቢት እንተተገበረ እውን ሸሞንተ ዓመት ከምዝወሰደ ኣብቲ እዋን ተዛሪቦም እዮም። ኣብ 2010 ዓ.ም ህንፀት እቲ ፋብሪካ ንቻይና ሲኤም ሲ ኢ ኩባንያ ንክዋሃብ ምስተገበረ ዝተረፈ ስራሕ ኣብ 14 ወራት ተዛዚሙ ንምረቓ በፂሑ እዩ።

ኣብቲ ምርቓት ስነ ስርዓት ናይ ፌደራል ፤ናይቲ ክልል ብዓል ስልጣናትን ስራሕ ሓለፍትን ከምኡ'ውን ናይቲ ከባቢ ማሕበረሰብ ተረኺቦም እዮም።

# ኣብ 2013 በጀት...

ዝተሃነፁ 24 መንገድታት ኣብ ምርቃት ስነ ስርዓት ከምዝገለፅኦ ፣ብዘይ ፃዕሪ ውፅኢት ክመፅእ ኣይኽእልን፤እቲ ምምሕዳር ነቶም ፕሮጀክትታት ኣፈፃጽማ ብዝሃቦ ልዑል ትኹረት 2ሽሕ60 ፕሮጀክት ንክዛዘሙ ተኻኢሉ እዩ፡፡

ኣብዚ በጀት ዓመት ንምምሕዳር ከተማ ካብ ዝተመደበ ብር 61 ቢልየን 33ሚልየን ንካፒታል ውዒሉ እዩ፡፡እቶም ፕሮጀክት ኣብ ሓፂር እዋን ምዝዛሞም ካብ ሙስና ዝፀረየ ስራሕ ከምዝኾነ የሪኤና ኢለን፡፡

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ምምራቕ ዘለዉ ብዙሓት ፕሮጀክትታት ጉዕዞ ብልፅግና ኢትዮጵያ መርኣያ እዮም ዝበላ ወይዘሮ ኣዳነች ፣ፕሮጀክት መንገዲ ፍሰት ትራፊክ ካብ ምፍጣን ብተወሳኺ ንከተማ ዕብየት ዓብይ ግደ ከምዘለዎ ገሊፀን፡፡ካልኦት ፕሮጀክትታት ህንፀት ኣብ ዝተድሓዘሎም እዋን እናተዛዘሙ ንግልጋሎት ከምዝውዕሉ ኣረጋጊፀን እየን፡፡

መንገዲ ፕሮጀክት ብቕልጡፍ ንክዛዘሙ ብወሰን ምኽባር ምትሕብባር ዝገብሩ ነበርቲ ፣ዋና ስራሕ ኣካያዲ ብዓል መዚ መንገዲ ኣዲስ ኣበባ ኢንጅነር ሞገስ ጥበቡ ብወገኖም፣ ልዕሊ ብር ኽልተ ቢልየን ወፃኢ ዝተገበረሎም ብጠቕላላ 37ነጥቢ 6ኪሎ ሜትር ንውሓትን ካብ 10 ክሳብ 40 ሜትር ስፍሓት ዘለዎም 24 ህንፀት ፕሮጀክት መንገዲ ተዛዚሙ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ንምርቃት ከምዝዋዓሉ ገሊፆም እዮም፡፡

ዓሰርተ ሸሞንተ ፕሮጀክታት ህንፀት መንገዲ ብ ብዓል መዚ መንገዲ ኣዲስ ኣበባ ዝተሰርሑ ከምዝኾኑ ኣፍሊጦም እዮም፡፡ምስራሕ መንገዲ ፍሰት ትራፊክ ካብ ምስላጥ ብዝሓለፈ ማሕበራዊ ርክባት ዘቃላጥፍ እዩ ዝበሉ ኣይተ ሞገስ ፣ብፍላይ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት ምህርቶም ብእዋኑ ተበፃሒ ንምግባር ህንፀት መንገዲ ተሰሪሑ ንግልጋሎት ክፍቲ ምኳኑ ዓብይ ጥቕሚ ኣለዎ፡፡እቶም ፕሮጀክት 24 ኣስፓልት መንገዲ እንትኾኑ ብድምሩ 37ነጥቢ 6ኪሎ ሜትር ንውሓት ኣለዎም፡፡

ኣብቲ መርሃ ግብሪ ምርቃት ፕሮጀክት ምክትል ከንቲባ ኣዲስ ኣበባ ኣዳነች ኣበቤን ካልኦት ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰራሕ መንግስቲ ተረኺቦም እዮም፡፡

# ‹‹ተሳትፎ መረፅትን ተመረፅትን...

መሰለን ከምዝኾነን በዚ ካርዲ ይጠቕመኒ እዩ ኢለን ፣ንቐፃሊ ሰላም፣ዲሞክራሲን ብፍላይ ድማ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘሎ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ሕቶታት ዝምልሰለን ፓርቲ ኣብ ምምራፅ ክውስና ዝኽእላ ካርዲ ብምውሳድን ብምምራፅን ከምዝኾነ ገሊፀን፡፡

መሰልን ተጠቃምነት ደቂ ኣንስትዮ ክሕሉ ምግባር ሕድሕድ ዜጋ ሓላፍነትን ግዴታን እንተኾነ'ውን ብፍላይ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ብዙሕ ሓላፍነት ዘለዎን ብምኳኑ ብዙሕ ክፍሊ ሕብረተሰብ ፅልዋ ዘሕድራ ስለዝኾና እዚ ኹሉ ክቐርፈለን ዝኽእል ፓርቲ ብናይ ባዕለን መሰል ተጠቒመን ክመርፃ ከምዝኽእላ ስራሕቲ ግንዛበ ከምዝተሰርሐ ዝገለፃ እተን ሓላፊት፣ እቲ መረፃ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ኾይኑ ንሓልፍ ግደ ደቂ ኣንስትዮ ልዑል ከምዝኾነ ወሲኸን ኣብሪሀን እየን፡፡

ሕፁያት ደቂ ኣንስትዮ ዘቕረቡ ፓርትታት ምስ ቦርድ መረፃ በምኳን ስልጠና ዝረኸባሉን ዓቕመን ዘጎልብታሉ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ከምዝተሰርሐ ምስ ገለፃ፣ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ 50 ሚኢታዊ ንክኾን ዝብል ሓሳብ ሓደ ሓደ ፓርትታት ዘየማልኡ እንተሃለዉ'ውን ካብቲ ዝድለ ንላዕሊ'ውን ዘማልኡ ፓርትታት ከምዘለዉ ተዛሪበን፤ብሓፈሻ ክረአ ከሎ ግና ካብቲ ዝሓለፉ ዝነበሩ መረፃታት ኣብዚ ኸዚ እዋን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝሓሸ ኾይኑ ከምዝተረኸበ እተን ሓላፊት ገሊፀን እየን፡፡

# ‹‹ሓረስታይ ሓረሱ ብምምራት ዝበፅሐ...

ኣብቲ ክልል ዝተኻየደ ስጉምቲ ምኽባር ሕጊ ምንቅስቓሳት ሕርሻ ኣመልኪቶም ከምዝተዛረብዎ፤እዚ ስጉምቲ ስዒቡ 80 ሚኢታዊ ዕንወት ዝበፅሐ ኣብ ግብርና እዩ፡፡እዚ ድማ ኣብ ገጠር ዝነበሩ ሰባት ንፀገም ንኽቃልዑ እናገበሮም እንትኾን እዚ ቢሮ ካብዚ ፀገም ንምልቃቕ ሓረስታይ ሕርሹ ብምስራሕ ንከምርትን ዝበፅሐ ጉድኣት ንምክሕሓስን ካብ ሓገዝ ንክወፅእ ዘኽእሉ ስራሕቲ እናሰርሐ ይርከብ፡፡

ከም ኣይተ ብርሃነ ገለፃ ፣እቲ ቢሮ ዝተፈጠረ ፀገም ንምቅላል ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ንከኽእሎ መጀመርያ ክንደይ ዝኣክል ጉድኣት ከምዝበፅሐ መፅናዕቲ ገይሩ እዩ፡፡እቲ መፅናዕቲ ጉጅለ ከምዝገለፆ ኣብ ገጠራማ ኸባቢ ልዑል ዕንወት ከምዝበፅሖን ኣብ ነበርቲ 'ውን ፀገም ከምዘለወን ኣፍሊጡ እዩ፡፡እቲ ቢሮ ህፁፅ ሓገዝ ትልሚ ብምውፃእ ንዝምልከቶም ኣካላት ፌደራል መንግስትን ሓገዝ ንዝህቡ ትካላትን ክበፅሕ ገይሩ እዩ፡፡እዚ ግብርና ናብ ዝነበሮ ንክምለስ ብር 102 ቢልየን ከምዘድሊ ኣንፈት ተቐሚጡ እዩ፡፡

ንኣብነት 492ሽሕ ኩንታል ዘርኢ ፣800ሽሕ ኩንታል ማዳበርያ ከምኡ'ውን ኽልተ ነጥቢ ኽልተ ሚሊዮን ናይ ሕርሻ ብዕራይ የድልዩ እዮም ተባሂሉ ትልሚ ተዳሒዙ እዩ፡፡ክሳብ ኸዚ ካብ ወደብ ክመፅእ ካብ ዝነበሮ 800ሽሕ ኩንታል ማዳበርያ 300ሽሕ ኩንታል ዝበፅሐ እንትኸውን ፣ቅድም ኢሉ ምስዝነበረ 214ሽሕ ኩንታል ተደሚሩ 514 ሽሕ ኩንታል ናብ ወረዳታት እናከፋፈልና እንትንኸውን ፤ክሳብ ኸዚ 210 ሽሕ 795 ኩንታል ንሓረስቶት በፂሑ እዩ፡፡

ብተመሳሳሊ ካብ ዝተሓሰበ 492 ሽሕ ኩንታል ቃል ዝተኣተወን ኣብ መኽዘን ዘሎን 97ሽሕ 246ኩንታል ዝፅጋዕ እንትኸውን ፤66ሽሕ 387ኩንታል ተገዚኡ መቕለ መኻዚኖ ዝኣተወ እንትኸውን ካብዚ ውሽጢ 10ሽሕ 644ኩንታል ዘርኢ ናብ 20 ዝኾኑ ወረዳታት ተባፂሑ እዩ፡፡

ካብ ወርሒ ሚያዝያ ጀሚሩ ኣብቲ ክልል ኣብ ኹሉ ወረዳ ንሕርሻን ዘርእን ዝኾን ዝናብ እናዘነበ እንትኾን ፣ኣብ ሓሙሽተ ዞባታት ሓረስታይ ብዝቐረበሉ ዘርእን ማዳበርያን ተጠቒሙ እናሓረሰን ከም ዒልቦ፣ማሽላ ፤ዳጉሻ ጣፍን ስገም ዝኣመሰሉ እናዘርአ ይርከብ፡፡ብዛዕባ ዞባ ምዕራብ ግና ሓበሬታ የብልናል ኢሎም፡፡

እዚ ከይዲ ብዙሓት ዕንቅፋት እናበፀሖ እዩ፤ናብ ማሕረስ ክኸይድ ከሎ ብዕራይ ንክፈትሕን ናውቲ ሕርሻ እናተሰበሮ እንተኾነ'ውን፤ ናውቲ ናብቲ ወረዳ ኣብ ዝጓዓዘሉ እዋን ዝገጥም ኩነታት ፀጥታ ምስ ሕፅረት በጀት ተደሚሩን ሓገዝ ውሃብቲ ትካላት ድማ ግዝያዊ ሓገዝ እንበር ዘላቒ ስለዘይኾነ እቲ ከይዲ እናተፈታተንዎ እዮም፡፡ነዚ እቲ ሓደ መርኣያ ዝኾነ ድማ ካብ ዝተሓሰበ ብር 102ቢልየን ብር 600 ሚልየን ጥራሕ ከምዝተረኸበ እዩ፡፡ብዙሕ ህዝቢ ካብ መረበቱ ተሰዲዱን ርሒቑን ስለዘሎ ዝተድሓዘ ትልሚ ዕንቅፋት ክኾን ከምዝኽእል ይእመን እዩ፡፡

እቲ ሓረስታይ ብሓገዝ ክነብር ስለዘይደሊ ናይ ምሕራስ ልዑል ድልየት ዘለዎ እንትኾን ለይቲ 'ውን እናሓረሰ ብኣመ እናቆፈረ እናዘርአ ይርከብ፡፡ብምኳኑ ዝተመዛበሉ ክፋል ሕብረተሰብ ናብ ዝነበርዎ ንክምለሱን ኣብ ግብርና ስራሕ ዕንቅፋት እናፈጠሩ ዘለዉ ጉዳያት ንክፍትሑ ብምግባር ምስ ዝምልከቶም ኣካላት እቲ ቢሮ እናሰርሐ ይርከብ፡፡ፌደራል መንግስቲ ሓዊሱ ዝመልከቶም ኣካላት እዚ ብምሕሳብ ንክሰርሑን ሓረስታይ ብዝተማለአ መልክዑ ናብ ስራሕቲ ግብርና ንክኣቱ ክገብሩ ኣለዎም ኢሎም ክብል ወንደወሰን ሽመልሽ ካብ መቐለ ፀብፂቡ፡፡

# ‹‹ናይ ሩሑቕን ናይ ቐረባን ታሪኽ ምንጭ...

መደረ ሃገር ክቕይር ዝኽእል ብምኳኑ ብተመሳሳሊ ሰነድ ተገይሩ ናይ ታሪኽ ብዓል ውዕለታነቱ እናተረጋገፀ ክቕፅል ኸምዘለዎ ኣመልኪቶም፡፡ ብኸምዚ መንገዲ ምስራሕ ትውልዲ ንምህናፅን ፅባሕ ንንሃስባ ሃገር ንምስራሕ ዓብዩ መሰረት ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡

ብዙሓት ሰባት ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዘሕለፍናዮም ፀገማት ኸም ዓብዩ ነገር ወሲዶም የማርሩ እዮም ዝበሉ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ እቶም ፀገማት ከምዘለዉ ዝካሓድ ኣይኮነን፤ ኮይኑ ግና ብኣንፃራዊነት ሰላም ኾይና ካብ ዘሕለፍናዮም ዝሓለፉ 10 ዓመታት ክነነፃፀር ኸለና፤ ብፀገም ውሽጢ እናሓለፍካ ኸመይ ጌርካ ሃገር ንቕድሚት ክተሳግራ ኸምትኽእል ዝራእናሉ ግዜ ኸምዝኾነ ክርሳዕ የብሉን ኢሎም እዮም፡፡

ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ኹሎም ኸባቢታት ሃገርና ኣብ ዝለዓለ ስቓይን መከራን ዋላ እንተኣተና ናይ ሎሚ 7 ተን 8 ዓመት ተጀሚሮም ክጠናቐቑ እናተገበኦም፤ ዘይተዛዘሙ ናይ ሽኮር ፕሮጀክትታት ንምዝዛም ዓብዩ ስራሕ ሰሪሕና ካብ 10ቲኡ 7ቲኡ ብብር 92 ቢሊዮን ክንዛዝሞም ኺኢልና ኢና ኢሎም፡፡ ኣብ ኣግሮ ኢንዱስትሪን ኢንዱስትሪ ፓርክ'ውን ዝተጀመረ'ምበር ዝተዛዘመ ስራሕ ኣይነበረን ብኡ ወገን'ውን ዘምፃናዮ ለውጢ ዓብዩ ምኳኑ ኣመልኪቶም፡፡

ኣብዚ ኸዚ ሰዓት ብዙሓት ሰባት ንዚ ሽቶ እዚ ምርዳእ ዝኣበዮም ዓይኖምን ልቦምን ብምዕማቶም እዩ ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ፣እዚ ድማ ንሃገርና ዘሳግር ብዘይምኻኑ ዓይንን ልብን ምኽፋት ዝተሰርሐ ምድናቕ ጉድለት እንትህሉ ኸሎ ድማ ብኣግባቡ ምሕታት ኸምዝግባእ ጠቑሞም፡፡

ናይ ኢትዮጵያ ሰላምን ብልፅግናን ዘይተርፍ ዝረጋገፅ እዩ ዝበሉ ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብይ፣ ኾይኑ ግና ኹላህና ኣቕዲምና ኣፍቲ ወለዶ ክንሰርሖ ዝግባእ ክንሰርሕ ኽንኽእል ኣለና ኽብሉ ኣፍሊጦም፡፡

ፅቡቕ ትሰርሑ ናይ መንግስቲ ናይ ስራሕ ሓለፍቲ ብስራሕኹም ክትዕበዩ ወይ ከዓ ዝሰራሕኩሞ ምዝራብ ዘይኾነስ ንዝለዓለ ሽቶን ንዕቤት ሃገር ልዑል ፃዕሪ ኽትገብሩ ትፅቢት ይግበር ኢሎም እዮም፡፡

ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣይተ ጌትነት ታደሰ ብወገኖም፣ 2010 ዓ.ም ኣብ ሃገርና ብታሪኽ ተራእዩ ብዘይፈልጥ መገዲ ዴሞክራሲያዊ ዝኾነ ናይ ስልጣን ስግግር ዝተረአየሉ ጊዜ እዩ፡፡ ምስዚ ጎኒ ንጎኒ 24 መጋቢት 2010ዓ.ም ብታሪኽ ሃገርና ዓብዩ ቦታ ዝወሃቦ መደረ ብቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኸምተገብረ ኣመልኪቶም፡፡

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ “ ዕለታዊ ዜና እናሰራሕና ታሪኽ ኽንሰንድ ኢና“ ዝብል መሪሕ ቃል ሒዝና እናሰራሕና ንርከብ፡፡ ብምኳኑ ካብ 2010 ዓ.ም ጀሚሩ እስካብ ኸዚ ዘለዉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ዘስምዕዎም መደረታት ብታሪኽ ድርሳን መልክዕ “ዓሻራ“ ኢልና ንምሕታም በቒዕና ኣለና፡፡ እቲ ኸይዲ ኣዝዩ ኣድኻሚ እንተኾነ'ውን ዓብዪ ውፅኢት ዝተርኣየሉ ኸምዝኾነ ኣፍሊጦም፡፡

እቲ ትካል 80 ዓመት ናይ ልደት በዓሉ እንተኽብር እንከሎ ቑፅሪ ጥራይ ዘይኾነስ ካብዞም ቕደሚ ኸዚ ዘሐትሞም ብተወሳኺ ብቋንቋ ትግርኛ ጋዜጣ ወጋሕታ፣ብቋንቋ ሲዳምኛ ጋዜጣ ባካልቾ ወሲኹ እዩ፡ ፡ ብመፅሓፍ ደረጃ'ውን ቕድሚ ኸዚ ምስ ቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስትር ዝተሓተመ ኸምዘሎ ኾይኑ ናይ መንግስቲ መረዳእታ ዝሓዘ ዳይሬክቶሬት መፅሓፍ'ውን ምሕታም ኽኢሉ እዩ፡፡ ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ'ውን ናይ 80 ኛ ዓመት በዓሉ እናኽበረ መፅሓፍ “ዓሻራ” ንምሕታምን ንምምራቕን በቒኡ እዩ፡፡ በዚ'ውን ሕጉሳት ኢና ኢሎም ፡፡

ኣፍቲ ምረቓ ስነስርዓት በዓል ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ ሓዊሱ ናይ ፌዴሪኢ ሰራዊት ምክልኻል ኢታማዦር ሹም ጀነራል ብርሃኑ ጁላ ፤ ናይ ኽልል ርዕሰ መስተዳድራት፤ ናይ ኣዲስ ኣበባ ኸተማ ምኽትል ከንቲባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ፤ ተፈለጥቲ ሰባት ፤ ዝተፈላለዩ ምሁራን ናይት ትካል ናይ ስራሕ ሓለፍቲ ኸምኡ'ውን ሰራሕተኛታትን ፃውዒት ዝተገበረሎም ኣጋይሽ ተረኺቦም እዮም፡፡

# ነፃ ሓሳብ

## ‹‹ ኽፉኣት ተመሓሒሎም እዮም›› ይኹን ‘ምበር ...

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣብ ሃገርና ካብ መንጎ መዘራረብቲ ዛዕባታት እዚ ሰሙን እቲ ሓደ ማዕቐብ ኣሜሪካ እቲ ፈላማይ ጉዳይ ከምዝኾነ ይስትውዓል። ዜጋታት እንትራኸቡ እቲ ቐንዲ መዛተዪ ዛዕብኦም ገይሮም እንትዘራረቡ ዝስትውዓልን ዝድመፅን ‹‹ኣብ ዙርያ ተጠቒዕና›› ምኧኑ ናይቲ ጉዳይ ኣተሓሳሳብነት ዘመላኽት እዩ። ኣብ ስታድየም ኣዲስ ኣበባ ዝተገበረ ህዝባዊ ተቓውሞ’ውን ውፅኢት ምግንፋል ቑጠዐ ዜጋታት እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ዓለም ዝነብሩ ኢትዮጵያውያንን ትውልደ ኢትዮጵያውያንን ዝግበሩ ዘለዉ ተመሳሰልቲ ትእይንታት‘ውን ምልክት ናይዚ ተመሳሳሊ ቑጥዐን ብሄራዊ መጥቃዕቲ ቦታ ከምዘይወስኖ ፅቡቕ መርኣያ እዩ። ኢትዮጵያውያን ኣብ ኽፉእ መዓልቲ ኣፈላላዮም ኣከኣሊሎም ብሓደ ጠጠው ምባሎም ፅቡቕ መረዳእታ ስለዝኾነ ብዓብዩ ኣኽብሮት ክምስገን ዝግበኦ ተግባር እዩ።

ሃገራዊ ሚዲያታት ብዝምልከት ግን ውሑዳት ተዘይኮይኖም መብዛሕትኦም ነቲ ርእሰ ጉዳይ እናልዐሉ እቲ ህዝቢ ስምዒቱ ግቡእ ከምዝኾነ እናንፀባረቑ እዮም ንምባል ብውልቀይ ኣይደፍርን። ፈተነኦምን ፃዕሮምን ተዘይኸፍአ ‘ውን መራኸብቲ ሓፋሽ ሃገርና ካብ ዝኣተውዎ ፅሙዋ ሙሉእ ንሙሉእ ተላቒቖም ንባዕሎም ናፃ ዘውፅኡሉ እዋን እንተናፈቕና ኣይፍረደናን።

ዓለም ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዘዘራረበ ወሳኒ ኣሜሪካ ‹‹ሳልሳይ ማእኸል ዲፕሎማቲክ ዓለምና›› እናበልና እናቆላምጣ ኣዲስ ኣበባና፤ ዝርከቡ ሃገራት ዝተፈላለዩ ዲፕሎማታት እንታይ ትርጉም ከምዝሃቦም፣ እንታይ መልእኽቲ ከም ዝተረድኡን ትንተነኦም ወይ ድማ ሓሳቦም ንኽገልፁ ሚዲያታትና ደፊሮም ኹነታት ከመዓራርዩ ከምዘይኸኣሉ ግልፂ ኣይኮነለይን። ንምኳኑ ‹‹ሓደ ከተማ መናሃርያ ዲፕሎማቲክ›› እዩ ምባል ንኸምዚ ዝኣመሰለ ዓብዪ ፀገም ከምፍታሕ እንተዘይጠቒሙ ረብሕኡ እንታይ እዩ? የግዲ እቲ ዕድል ምስ ፍልፍል ሃፍቲ ቱሪዝምን ፖለቲካዊ ዓወትን ጥራሕ እናተኣሳሰርና እስካዕ መዓዝ እናፈከርና ንነብር። ኣሸንኳይዶ ምስ ፈተውቲ ሃገራትን ዲፕሎማትን ይትረፍ ንድሌትና ተፃራሪ ብዝኾነ ኣረኣእያ ብመራኸብቲ ሓፋሽ ቐሪቦም ሓሳቦም ንኽገልፁን ዜጋታት ሙሉእ ኣፍልጦ ንኽህልዎም ተዝግበር እቲ ፀገም ኣብ ምንታይ እዩ?መብዛሕትኦም ጋዜጠኛታትና ምስ ቋንቋታት ወፃኢ (እንግሊዘኛ፣ዓረብኛ፣ፈረንሳይኛ፣ቻይንኛ ይኹን ሩስያኛ ወዘተ)እስካዕ መኣዝ እዮም ተኧርዮም ዝነብሩ።

ብዓወት ዩኒቨርስታቶም ወግሐ ፀብሐ ዘፅሙሙና ላዕለወት ትካላት ትምህርቲ ሃገርና ብዘፈር መፅናዕቲ ቋንቋ ዘፍረይዎም ‹‹ደቆም››ተዘስተባህሉ እንታይኮን ምበሉ?ብውልቀይ ኣዲስ ኣበባ ናይ ኣፍሪካ ዲፕሎማቲክ መዘውር (Hub) እያ እናበልና ምጉራን ገዲፍና እንታይ ተጠቒምና ኢልና ምሕታት ግቡእ ይመስለኒ። ጉዳይ ኽእለት ቋንቋ ጋዜጠኛታትና እቲ ቐዳማይ ትኹረት መንግስቲ ኮይኑ ብትኹረት ክስርሐሉ ይግባእ ይብል።

ልምዲ ብዙሓት ሃገራት ከምዘርእዮ እቲ ማሕበረሰብ መራሕን ጠቋምን ኣንፈት‘ምበር ብሳምባ መራሕትን ፖለቲከኛታትን እናተንፈሰ ‹‹ይደልዎ››ብምባል እናሞገሰ ወይ ድማ እናተራገመ እናኾነነ ዝውዕል ቤት ዕዮ ኣይኮነን። ንመንግስትን ንጉጅለ ፖለቲከኛታትን ኣጀንዳ ብምሃብ እንትሙጉቶም እነስተውዕሎ ሓቂ እዚ እዩ። ብምኽንያት እዚ ጥንኩር ቅዋሞም ምልክት መረፃ እናውለብለቡ ንኽምረፁ ዘይኮነስ፤ ፈጣሪ ፅዕንቶ ቕልፅሞም ስለዝሓየለ ጥራሕ ‹‹ሚድያ ናይቲ ማሕበረሰብ ራብዓይ መንግስቲ እዩ››ንኽብሃሉ ኽኢሎም እዮም። እቶም ናትና ብዝምልከት ግና “ተኸዲኑ ይብሰል“ ኢልኻ ምሕላፍ ዝሐሸ ይመስለኒ።

ንኣብነት ናይዛ ኣሜሪካ ትበሃል ‹‹ጉዲት›› ታሪኽ እንትንፍትሽ ፖለቲካ፣ርክብ ወፃኢ፣ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ርክባታ እናመርሓን እናቐዘፋን ዘሎ ኣውሎ ንፋስ ሚዲያ ‘ምበር፤ ምሑኹልቲ ፖለቲካ ጥራሕ ከምዘይኮነ ኣድሚኻ ምዝራብ ይከኣል። እቲ ሓደ መርኣያ ኣብ ታሪኽ ኣሜሪካ ‹‹ቅሌት ወተር ጌት››እናተብሃለ ዝፍለጥን ናይቲ እዋን ፕሬዚዳንት ሪቻርድ ኒክሰን (ኣብ 1972-1974 ኣ.ፈ) ምስ መረፃ ተተሓሒዙ ውርደት ብረቒቕ ፀብፃብ መረፃ ገይሮም ዘጋለፁ ነቲ ሞያ ዝተፈጠሩ ጋዜጠኛታት ነይሮም። እቶም ፕሬዚዳንት ካብ ስልጣኖም ፈንቂሉ ዘወገዶም ጠበንጃ ዘይኮነስ ብርቱዕ ብርዒ እዩ።

ኣብ ሞያ ሚዲያ ዝተሰለፉ ብርክት ዝበሉ ትንታግ ሰብሞያ ዓርሶም ዘፋልጡ በቲ ዘፈር ዘለዎም ዲግሪን ዲፕሎማን ኣብ ኣፍ ልቦም ለጢፎም ‹‹ርኣይለይ ስምዑለይ›› ብምባል ዘይኮነስ፤ ብዓቕሚ ተግባሮም እዩ። እቲ ዘግዘፎም’ውን ዝሰልጠንሉ ወረቐት መረዳእታ ዘይኮነስ ተግባሮምን ውፅኢቶምን እዩ።

ናይ ኣሜሪካ CNN,FOX TV,NBC,CBC, ናይ እንግሊዝ BBC, ናይ ፈረንሳይ France 24, Euronews, ናይ ሩስያ RT ናይ ኳታር Al Jazeera,ናይ ቻይና CGTN World ወ.ዘ.ተ መንግስቶምን ህዝቦምን ጥራሕ ዘይኮነስ መላእ ዓለም ከም መፍተል እናዝወሩ እቲ ፖለቲካ፣ ኢኮኖምን ዲፕሎማስን እንተንቀጥቕጥዎ ምስትውዓል ሓዱሽ ነገር ኣይኮነን። ሕልፍ ሓሊፍዎም ናይ ባዕሎም ገበና እናሓረረኳ ናይ ኻልኦት ውሻጠ ንምቅላዕ ከምዝፅዕሩ ጋህዲ እዩ። ኣብዚ ዘበን እዚ ኣሜን ዝበሃለሉ ዜና ሓቂ ጥራሕ ዘይኮነስ ብሸፈጥ ዝተለኻኸየ ምህዞ ታሪኽ “ሓያላት“ ዙፋን ተዘርጊሒሎም እንትምለኹ እነስተውዕለሉ ብኸምዚኦም ዝኣመሰሉ መራሕቲ ትካላት ሚዲያ ከምዝኾነ ውዕለኦም ዝምስክር እዩ።

ቦቕባቓት መራኸብቲ ሓፋሽ ሃገረይ “እዝን እትን ኣይተማለአልናን“፣ክንድቲ ዝተምሃርናዮ ክፍሊትን መሰልን ኣይተኸበረልናን ወዘተ“ እናበሉ ካብ ምዕጉምጓም ናፃ ወፂኦም ልቦምን ገፆምን ኣብሪሆም መኣዝ ናብ ስልጣን ብርዖም ከምዝምለሱ ካብ ምግማት እቲ ምላሽ ንወለዶ ኣመሓላሊፍኻ ንግዘ ግዘ ምሃብ ይቐልል ኢለ ይሓስብ። “ዝፀገሞ ናይማቱ ጥንስቲ የእቲ“ እዩሞ።

ሃገርና ሎሚ ብዝተፈላለዩ ስሕበታትን ሰሓብትን ተወጢራ እናሃለወት እኳ ናብ ልቦም ተመሊሶም ናይ ኣየር ሰዓቶምን ውፅኢት ሕትመቶምን ብዕሊ ናብ ዝተኣወጀና “ዓውደ ኲናት ከሰልፉ“ ዘይምኽኣሎም ካብ ትዕዝብቲ ዝሓለፈ ህዝባዊ ቂምታ ከም ዝወደቖም ዝተረድእዎ ኣይመሰለንን። ዝተፀናወቶም ሕማም ድቃስ ‘ውን ብቐሊሉ ክገድፎም እዩ ተባሂሉ ዝግመት ኣይመስልን። ኣብ መብዛሕትኦም ባህልታት ሃገርና ይትረፍዶ ኣብ ገዛኻስ ኣብ ጎረቤትኻ እኳ ሓዘንን መከራን እንትበፅሕ ናይቲ ፀገም ተኻፋሊ ንምኳን ድምፂ ራድዮ ወይ ድማ ቴሌቪዥን ይቕነስ ተዘይኮይኑ ‘ውን መሊእኻ ክዕፆ ይግበር፤ ደርፊ ፍፁም ዘይሕሰብ እዩ።

ሚዲያታት ሃገርና እንተንኣሰ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ባህላዊ እሴት ዋጋ ሂቦም እሳቶም ተዘይተረድእዎ‘ውን መዓንጣና ምሕራሩ ዝተረድእዎ ኣይመስለንን። ኢትዮጵያና ልዕሊ ዝኾነ እዋን ኣብ ዝኸፍአ ኹነታት ትርከብ፤ታሪኻዊ ፀላእትን ጊዜ ዝወለዶም ኣጥቃዕትን ካርኦም ስሒሎምን ቕልፅሞም ኣሐይሎም ብምኽባብ “ክውሕጥዋ“ እናጎምጀዩ ኣብ ዘለዉሉ ፈታኒ እዋን፤ ንምውዳቕን ምልዓልን ኹዕሶ እግሪ ኣውሮፓ ዝወሃቦ ኣየር ሰዓት ወይ ድማ ‹‹ንደርፍታት ሃየላሎ›› ዝተመደበ ፕሮግራም ምትዕርራይ ተገይሩሉ መድረኽ መዛተዪ መከራ ሃገር ክኸውን ብዘይምኽኣሉ ንዓኣቶም “ትኽክል“ ንዓና መሪር ሓቂ ኾይንና ኣሎ።

ኣብዚ እዋን ካብ ፕሮግራማት መዘናግዕን መደናገርን፣ካብ ኣሸሙራት ሜዳ ስፖርት ዝሐሸ ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ ሙሉእ ሓይሎም ኣተሓባቢሮም ንምንታይ ከም ዘይወፍሩ እቲ ሓቂ ንሳቶምን ፈጣሪን እዩ ዝፈልጦ። ሚዲያታት ፀላእትና ብዛዕባ ፅጋብን መንከማና ሃገርም፤ ወግሐ ፀብሐ ከይሰልቸዉ እናጉስዑ እናስተውዓልና፤እቶም ናትና ግና “ለጥ“ኢሎም ደቂሶም እናሓርነኹ ይርከቡ። ንሕልንኦም ዘይኮነስ ንርካሽ ዕላማ ዝሰገዱ ብርክት ዝበሉ ሰብሞያ ሚዲያታት ዓለም ወግሐ ፀብሐ ኣብ መልሓሶም ኣንጠልጢሎም ናይ ሕሶት ገበናት እንተላኽዑ እናረአና ግቡእ ምላሽ ብዘይምሃብና እነሆ እቲ ውፅኢት መሪር እንተኾነ’ውን ክነጠዓዕሞ ተገዲድና ኢና። እቶም ለዘብኛታት ሚድያታትና እስካዕ መኣዝ ብኸምዚ ከምዝቕፅሉ ግና ግርምቲ እዩ ዝፈጥር።

ኣብዚ ሕማቕ እዋን ንደረፈ መረፃ ገዘ ምምዳብ፣ንወግዒ ቖሎ ጥጥቖን ሃለውለውን ግዘ ብሰፊሑ ምምዳብ፣ንኩዕሶ እግሪ ኣውሮፓ ምዕባድን ምዝላልን ዘዋፅእ እንተኾይኑ እቲ ውፅኢት ንቐፃሊ ብሓባር ክንሪኦ ኢና። ሱቕታ ሓለፍቲ ትካላት መራኸብቲ ሓፋሽ በዚ ዝቕፅል እንተኾይኑ ‘ውን ትዕዝብትና ቑጠዐ ወሊዱ ናብ ዝሾሙዎም “ላዕለወት ሰብ ቕልፅም“ ክውንጨፍ ከምዝኽእል ተዝርድእዎ ኣይኸፍእን።

ዘማሪ ዳዊት “ጨካናት ተኣኪቦም ኽፉእ ተማኺሮምልና“ ከምዝበሎ እዚ እዋን ሃገርና ኣብ ታሪኻ ገጢምዋ ብዘይፈልጥ ኹነታት “ኽፉኣት ተኣከብቲ ጥፍኣት ደጊሶምልና“ ዝርከቡሉ ወሳኒ እዋን እዩ። ፀላእትና ልበ ሙሉእነት ተሰሚዕዎም ሰይፎም ብግልፂ ዝስሕሉሉ፣ጠበንጆኦም ኣብ ኣደባባይ ዝውልውሉሉ፤ ብመን ኣጆኹም በሃላይነት ከምዝተደፋፈሩን እቲ ሓቂ እናተቓልዐልና መፂኡ እዩ።

### ‹‹ፀላኢ እንትልዓል ቁፅሪ ፈተውትኻ ላብዝሕ››ሃገራዊ ብሂል፤

ኣሜሪካ ኣብ ዙርያ ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰልን ኣከባብራ ዲሞክራስን ንባዕላ ከም‹‹መሲህ›› ገይራ ካብ እትሽውም ዘበናት ሓሊፎም እዮም። መራሕቲ ንምውጋዝን ንብራኽን፣ሃገራት ንምውራድን ንምብርካኽን “ሙሉእ በኩለሄ“ ዝኾነ ናይ ክህነት ስልጣን ከምዘለዋ ብምቑፃር ዓለም እናሓመሰት ከምዘላ ዕላዊ ሓቂ እዩ። ‹‹ዶላራታን ኒኩሌራታን›› ብምትእምማን ‹‹መንከማይ ዝብል መለለዪ መንነታ ገይራ ባዕላ ንባዕላ ናይ ዓለምና ፖሊስ ገይራ ሾይማ እያ››።

ከም ገለፃ ቅዱስ መፅሓፍ ‹‹ንዝኸበቡና ኣኽላባት›› ዝተግሃፀ ኣዕፅምቲ እናደርበየት ሉኣላውነትና ንኽደፍሩ ኣዕቢዳቶም እያ። ‹‹ ኣኼባ ኽፉኣት ‘ውን›› ብስውርን ብግልፅን እናመሐለትን ኪዳን እናእተወት ተቑርቦም ኣላ። ብርክት ዝበሉ ሃገራት ኣውሮፓ ገፆም ካባና ንኸዙሩ ንእትፍፅሞ ወዲትን ተንኮልን ከምቲ ናይ ቀደም ብረቂቕ ስልቲ ዝግለፅ ዘይኮነስ ብዕሊ ዝፍጸም ግብራ ኾይኑ ኣሎ።

እቲ ሓቅን ጋህድን እዚ እዩ። እቲ ፀገም ፀላእቲ ቐረባን ርሑቕን፤ ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውነትን ዝተረድኡሉ መገዲ ግጉይ ግምት እዩ። ብወገንና ክእረሙ ዝግበኦም ሃገራዊ ጉድለታት ኣለዉዶ? መሊኦም እዮም። እዚ ኹሉ ሓቂ ከምዘሎ ተኾነ ‘ውን ኽብሪ ሉኣላወነትና ግና ብማንም ክሸርሸርን ኽርገፅን እንደሊ ተገዛእቶም ከምዘይኮና ብግልፂ ቋንቋ ክንገሮም ይግባእ።

ናታቶም ጥፍኣት ዝምክት ዓቕሚ ሓድነትናን ውሕስና ሰላምናን ስለዝኾነ፤ፈለማ ኣንሕና ናይ ባዕልና ዕዮ ገዛ ሰሪሕና ቑፀሪ ፈተውቲ ሃገራት ብምብርኻት ነዚ ዝሳገር ዓቕሚ የድልየና። ብፈጣሪ ረድኤት ስለንኣምን ንናይ ደቂ ፈርኦን፣ንመሃዲስት ኾነ ንያኒኪታት ‹‹ፀዊዕኻ ፅልኢ›› ብሕሹሕታ ዘይኮነስ፤ብዘጋውሕ ነጎድጓዳዊ ድምፂ ‹‹ኣንሕና ኢትዮጵያውያን ኢና!ሃገርና ቕድሚኹም ነይራ እያ ንቐፃሊ’ውን ክትነብር እያ!ትምክሕትኹምን ተንኮልኹምን ንውድቀትና ዘይኮነስ ንውርዴትም ከይኸውን ተጠንቀቑ›› ኢልና ክነረጋግፀሎም ይግባእ። (ፍልፍል፤ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን)

ሰላም ይኹን!

## ኢትዮጵያ ክትዕምብብ...

ዓለም ከምዝኾነት ትረዳእ፤ኣሜሪካ ድሕሪ ሐዚ ጥሮታ ክትወፅእ ኣለዋ። ዝኾነ ዘገልገለ ኣቕሓ ይኹን ሰብ ኣብ መወዳእታ እዋን እንትበፅሕ ንሰብ ጡረታ ንኣቕሐ ድማ ናብ መአከቢ ጋርቪጅ ክወፅእ ይግበኦ።

ኣሜሪካ ‘ውን ብኹለመዳይ ዕብየታ ንዕሊ ኹሉ እየ ኢላ ዝኾረዐት ሃገር ስለዝኾነት ፍልጠት በዚሕዋ ፅልልቲ ኾይና ኣላ። ድሕሪ ሐዚ ሰኣን ውንኣ ጥፍኣት ካብ ምስራሕ ሓሊፉ ፅቡቕ ነገር ስለ ዘይተበርክት ገለል እንትበለት ይሓይሽ። ኣሜሪካ ብስራሕቲ ውዲትን ተንኮልን ተዘይትሰክር ነይራ ብዕድምኣ ገና ዕሽል እያ፤ መሬታ’ውን ዝተረኸበ ካብ 1492 ዓ/ም ናብዚ እዩ። ብናፅነት ዝነበረትሉ እዋን ድማ ን241 ዘበናት ዝኣክል እዩ። ስለዝኾነ ፅቡቕ ንምስራሕ ኣይምረፈዳን ነይሩ።

ይኹን‘ምበር ልዕሊኹለን ሃገራት ዓለም ታህዋኽ ኣብዚሓ፣እትሰርሖ ውዲትን ተንኮልን ኣእሪግዋ። ፈላጣት ብመፅናዕቲ ከምዝብልዎ እንተኾይኑ፤ሰብ ተንኮል ዘብዝሕ እንተኾይኑ ብጭንቀት ስለዝፅመድ ደሙ ተመጢጡ ንእርጋንን ማህሰይትን ቐልጢፉ ይቃላዕ። እስኪ ብመረዳእታ ነስተውዕል፤ፖለቲከኛታት ዝኾኑ ኹሎም ህፁፃትን ቑጡዓትን ብምኳኖም፤ሸፈጥ የብዝሑ፣ነገራ ምትሕንፋፅ ይፈተዉ፣ነንባዕሎም ጭቕጭቕ የብዝሑ። በዚ ምኽንያት ኣእምሮኦም ብጭንቀት ስለዘይዓርፍ ቕድሚ ኣእምርኦም ምስሓቶም፤ቐልጢፎም ይኣርጉ። እቶም ውሑዳት ድማ ተንኮልን ሓሶትን ስለዝሰርሑ ቐልጢፎም ይወድቁ። ቐፃሊ ዕድል ኣሜሪካ’ውን እዚ እዩ።

ኣሜሪካ ንኢትዮጵያ ካብ ምህዋኽ ፈንተት ትበል፤ከይተዋረደት ቐልጢፋ ንዓርሳ መኺራ ትመለስ። ተዘይኾይኑ ፈታዊታ ሰሜን ኮርያ መኺራ ትምለሳ። ሕጊ ዘይገዝኦ ሓይሊ ይገዝኦ እዩም።

ብኻልእ መዳይ ራዕዲን መርዝን ዝነዝሑ ሓሳዳት ጋዜጠኛታት ዓለም፤ልዕሊ ደብዳብ ኣፅዋር ኲናት ብወረ ሓሶት እናኣደሙ ስለዝርከቡ ኣደብ ተዝገብሩ ይሓይሽ። ብፍላይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ትኹረት ገይሮምን ዓሊሞምን ወረ ሓሶትን ሓደጋን እናዝነቡ ይርከቡ። በጃኹም ንፍልጠት (ሙህሮ) ኣኽብሩ።

ዋላኳ ሰማይ እንተተዳህሰሰ ምድሪ እንተተፈተሸ፤ ኢትዮጵያ ብሓቂ፣ብፅኑዕ እምነትን ብፅቡቕ ኣመራርሓን ዝተሃቀነላ ውዲት ክኸሽፍ እዩ። ኢትዮጵያ ክትዕምብብ እያ። (ፍልፍል፤ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን)

# ነፃ ሓሳብ

# ጉዕዞ ቑልቁለት ፖሊሲ ጉዳይ ወፃኢ ኣሜሪካ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ፖሊሲ ጉዳይ ወፃኢ ኣሜሪካ ምስ ዘመን ካብ ምኻድ ሓሊፉ ኣብ መንታ መንገዲ ዕንክሊል ይብል ኣሎ። ልእለ ሃያላን እትብሃል ኣሜሪካ ብዲፕሎማሲ ኮነ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ናይ ቑልቁል መገዲ ካብ እትኽተል ካብ ፍርቒ ክፍለ ዘመን ንላዕሊ ኮይንዋ ኣሎ። ብኣና ዝተጀመረ ብኣና ዝውዳእ ኣይኮነን። ሪፐብሊካን ናይ ናፃ ዕዳጋ ኣኽራሪን ናይ ፃእዱ ኣተሓሳስባ ዘራምዱ ማለት ናይ ኮለጅን ዩኒቨርስቲን በሪ ዝረገፁ ፃዓዱ ኣሜሪካውያን ብተለምዶ ሓደ ካብ ሚኢቲ ዝባሃሉ ሰብ ፀጋ ማሕበራዊ መሰረት ተሓሳቢ ዝገበረ ፖሊሲ ጉዳይ ወፃኢ እዮም ዝኽተሉ።

ንሰብ ፀጋታት ግብሪ ይቕንሱ። ነዚኦም ተሓሳቢ ዝገበረ ምምሕያሽ ኢኮኖሚ ይገብሩ። ስደተኛ ይፀልኡ። ኣየበራታትውን። «መጀመርያ ኣሜሪካ!» ናይ ልዕልና ፃዕዱ ኩለመዳያዊ ጥቕሚ ንምኽባር ይተግህ ብዝብል ሽም ይምራሕ። ፖሊሲኦም ሉኣላዊነት ካልኦት ሃገራት ከም ፅቡቕ ዕድል እንተይኮነስ ከም ስግኣት ይቖፅር። ትካል ሕቡራት መንግስቲታት፣ ባንኪ ዓለም፣ ትካል ኣለም ለኸ ገንዘብ፣ ውድብ ንግዲ ዓለም፣ሰሜን ኣትላንቲክ ወተሃደራዊ ቃል ኪዳን /ኔቶ/ ፣ ሕብረት ኣውሮፓ፣ ወዘተ ብጥርጣረ ይምልከት። ጎሊሁ ዘይረአ ዝነበረ ፖሊሲኦም ዕድመ ንትራምፕ ናብ ኣዳባባይ ኣውፂእዎ እዩ። ካብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ንነዘ ንዝሓለፉ 70ን ልዕሊኡን ግዜ ኣብ ዓለም ኣንፃራዊ ሰላም ብምስፋን ብፅቡቕ ዝውደሱ ኔቶን ሕብረት ኣውሮፓን ክነዓቕ ገይሮሞ እዮም። ፖሊሲ ኣሜሪካ ካብ ኣብ ፓሪስ ዓለም ለኻዊ ኩነታት ኣየርን ፀረ ኑክሌርን ስምምዕ ኣፈንጊጡ እዩ።

ኣሜሪካ ንትካል ጥዕና ዓለም እትገብሮ ዝነበረት ሓገዝ ገንዘብ ኣቋሪፃ ኢያ። ኣብ እንግሊዝ ካብ ህዝቢ ናይ ምንፃል ውሳነ ደጊፋ ቖይማ እያ። ኣሜሪካ ዓለም ለኸ ግደ ክዝሕትል ገይራ እያ። በዚ ኩነታት እዚ ዝተፈጠረ ቻይና ከም ፅቡቕ ኣጋጣሚ ተጠቒማትሉ እያ። ሩስያ 'ውን እንተኾነት እንግሊዝ ካብ ሕብረት ኣውሮፓ ብምንፃላ፣ ኣብ መንጎ ኣሜሪካን ሕብረት ኣውሮፓን ንፋስ ስለ ዝኣተወ ከም ፅቡቕ ዕድል ተጠቒማትሉ እያ። ኣሜሪካ ክፍተት ከትፈጥር እንተላ ቻይና እግሪ እግራ እናተኸተለት እያ እትጥቀመላ።

ፖሊሲ ጉዳይ ወፃኢ ዲሞክራት ሉኣላውነት፣ ትሕብብርን ዲሞክራሲያዊ ፀጋታትን ንምስፋሕ ዝሰርሕ እዩ። ካብ ቶም ቐረፅቲ ብተፃራሪ ትካላት መንግስቲ ሓዊሱ ንዓለም ለኻዊ፣ ክፍለ ዓለማዊን ትካላትን ስምምዕነት ተገዛኢ እዩ። ነዚ እዩ ንመበል 46 ፕረዚዳንት ኣሜሪካ ዲሞክራት ጆባይደን ናብ ናይ ፃዕዳ ቤተ መንግስቲ ቅድሚ ምእታዉ ጉዳይ ወፃኢ ናይ ትራምፕ ናይ ውሽጢ ዓዲ ውሳነታት ምፍሻልን ምቕያርን ዝጀመረ። ናይቲ ፓርቲ ማሕበራዊ መሰረቱ ብልምዲ 99 ሚኢታዊ ዝባሃል ብማእኸላይን ብታሕተዋይን መደብ ዝርከብ ኣሜሪካዊ እዩ።

ብተወሰነ ብርኪ ብማሕበራዊ ፍትሒን ዲሞክራሲን ዝኣምን እንትኾን፤ በሪ ዩኒቨርሲቲ ዝረገፁ ፀዓዱ ደቒ ኣንስትዮ፣ፀለምቲ፣እስፖኒካትን፣ ማእከላይን ትሑትን ኣታዊ ዘለዎም ካልኦት ኣሜሪካውያን ማሕበራዊ መሰረት ናይቲ ፓርቲ ኢዮም። ይኹን እምበር እቲ ምስ ወፃኢ ዝተሓላዝ ፖሊሲታቶም ዝተሓሰበሉ ዕላማ ክወቅዕ ብዘይ ምኽኣሉ ሒሽ ዝተባሃለ ሙሁር ነቒፍዎ እዩ። ምስ ቻይናን ራሽያን ዝኣተወቶ ፀገም ኣብ ቬትናም፣ ኢራን፣ ዒራቕ ኣፍጋኒስታን፣ ሶርያ፣ ሊብያ፣ ሶማልያ፣ የመን ፣ፊሊፒንስ ፣ቨኒዝዋላ ወዘተ ናይቶም ቐረፅቲ ሕጊ ኮነ ዴሞክራትን ወፃኢ ጉዳይ ፖሊሲኦም ክፍሸል ተዓዚብና ኢና።

ወፃኢ ፖሊሲ ኣሜሪካ ካብ መሰረቱ ከም እተዛረበ መርኣያታቶም ከምዘለዉ እዩ ዝንገር። ኣብነት ኣብ ዝሑል ውግእ ርእዮተ ዓለም ስዒቡ ዘንፀባርቐ ዝነበረ ብተስፋሕፋሕነት ቪልሶንያን ብዝተሰሓሓተ ምስ ቬትናም ዝነበረ ውግእ 50 ሽሕ ወተሃደራት ኣሜሪካ ዘቕተለ። ልዕሊ 70 ቢልዮን ዶላር ኣሜሪካ ዘኽሰረ እዩ ነይሩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ንኣሜሪካ ዘኽሰረን ዝጎድኣን ነይሩ።

“WELCOME To Kissinger's World” ዘርእስቱ ማይክል ሒርሽ ዝሓለፈ ዓመት ብፎሪን ፖሊሲ መፅሔት ኣብ ዝዘርገሐሉ፤ ለበዳ ኮሮና ኣብ ዘጋጠመ እዋን ናይ ትራምፕ «ኣሜሪካ ትቐድም!» ዝብል ናይ ምንፃል ኣጀንዳ ንምጕላህ ምቹው ኣጋጣሚ ፈጢሩ እዩ።ብኻሊእ ወገን ነቲ ተወካሊ ንግዲ ዝኾነ ሮበርት ሊቲዘር ቻይና ብምኽንያት እቲ ኣብ ቻይና ዘሎ ሓደገኛ ንግድን ቍጠባዊ ፖሊሲታት ኣብ ቻይና ዝርከቡ ፋብሪካታታን ኩባንያታትን ኣሜሪካ ናብ ሃገራ ክትመልስ ይግበኣ ክብል ገሊፁ እዩ። ትራምፕ ኣብዚ ኣየብቐዐን እዩ። ኣይቐንዮን እምበር ንቑጠባዊ ዕቤት ቻይና ኣብ ሕቶ ከአቱ ዘኽእል ምስ እተፈላለያ ሃገራት ግንባር ክምስርት ፅዒሩ እዩ። ዴሞክራስያውያን ነዚ ናይ ትራምፕ ዝነበረ ተሪር ቕዋም ብመጠኑ ካብ ምድጋፍ ሓሊፎም ነቲ ኣብ ዝሑል ውግእ ዝነበረ ዓይነት ምንቕስቓስ ክሳዕ ምልዕዓል በፂሖም እዮም። ኣብቲ ግዜ ንሱ ሕፁይ ንዝነበረ ፕረዚደንት ደሞክራት ባይደን ብተደጋጋሚ ንናይ ቻይና ፕሬዚዳንት ዢ ዥንፒግ መንግስቲ ካብ ምድናቕ ሓሊፍካ ኣብቲ ናይ ምርጫ ገፅ ትህብ ነይርካ ኢኻ እናተባህለ ይውቐስ ነይሩ እዩ።

ሪፐብሊካን ካብዚ ሓሊፎም ብናይ ባዕሎም ሊበራል ዓለምለኻዊ መርህ መሰረት ዝተመስረቱ ከም ውድብ ንግዲ ዓለም ዝመሳሰሉ ትካላት ናይ ቻይና መጥቐሚ እናኾኑ እዮም ብምባል ምውቃስ ምጅማሮም፤ ናይ ቻይና ሳይንስ ንናይ ኣሜሪካውያን ዕድል ስራሕ እናጎድኣት ብዝብል ምኽሳሶም ሒርሽ ይገልፅ። ይኹን እምበር እዚ ናይ ቐረፅቲ(ሪፐብሊካን) ሕጊ ተገንፃልነት ኮነ ንናይ ዲሞክራሲያዊያን ዓለም ለኸ ትክላትን ቻይናን ናይ ምፅላም ኣተሓሳስባን እዩ።

ሳላ ቴክኖሎጅ፣ ዘመናዊን ቅልጡፍ መጓዓዝያን ዓለምና ናብ ንእሽተይ ቍሸት ትቕየር ኣላ እያ። ግዝኣት ቻይና ዝኾነት ውሃን ከተማ ኣብ ዘጋጠመ ናይ ኮቪድ -19 ለበዳ ንዓለም ብቕልጡፍ ዝተስፋሕፍሐ በዚ ምኽንያት እዩ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን እቲ ኣብ መንጎ እስራኤላውያንን ፍልስጥኤማውያንን ዝወሰድዎ ዘይተመጣጠነ ስጉምቲ ብናይ ዕዳጋ ነዳዲ ዝተፃዓነ ወይ ብኣጋጣሚ እንተይኮስ እቲ ናይ ቦታ ርሕቐት ብናይ ቴክኖሎጂ ዝተሳዕረ ምዃኑ እዩ ዘሪኣካ።

“WELCOME Back To Kissenger's World” ብዝብል ርእሲ ብመጽሔት ፎሪን ፖሊሲ ኣብ ኣብዘውፅኦ እቲ ዘሐጉስ ድማ ይብል ማይክል ሒሽ፣ እቲ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም እተመስረተ ናፃ ስርዓት ዓለምን ስነ-ምግባራዊ መንፈስን ኰይኑ ሎሚ በፂሑ ኣሎ።ንመፃኢ' ውን ክቕፅል እዩ። ትካል መንግስቲ፣ ዓለም ባንክ ፣ ውድብ ንግዲ ዓለም ከምኡ'ውን ናይ ካልኦት ትካላት ሓባራዊ ምትሕብባርን ሰላምን ዘለዓዕል ኢዩ።

ስለዚ ዋሽንግተን፣ ቻይና ከምኡ'ውን ራሽያ ንናይ ባዕሎም ስውር ኣጀንዳ ሒዞም ነዘን ትካላት እዚኣተን የልምስዎ ኣለዉ እዮም። ኣብ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ንእስራኤል ብዝምልከት ኣብ ዋዕላ ፀጥታ ዝረኣዮ ብኣማኢታት ወይ ብኣሽሓት ዝቕፀሩ ሓባራዊ ውሳነታት ብኣሜሪካ ወይ ብደገፍታ ድምፂ ብድምፂ ናይ ምስዓር መሰል ውድቒ ኮይኑ እዩ። እንድያውም ቻይናን ራሻን ኣሜሪካን ደገፍታን ዘቕርብዎ ሓሳብ እግሪ ንእግሪ እናሰዓቡ ውድቂ እዮም ዝገብርሎም።

እቶም ቻይናውያን እውን ከምኡ ኺገብሩ ንቤት ምኽሪ ፀጥታ መሰረት ብምግባር የልምስዎ ኣለዉ እዮም። ምትእምማን ቐርዩ እዩ፤ምጥርጣራት ነጊሱ እዩ። እቲ ኣብ መንጎ እዞም ሓይልታት እዚኣቶም ዘለዎም ፍልልይ እናሓደረ እናሰፍሐ ኢዩ ዝኸይድ ዘሎ። ነቲ ዝሑል ውግእ ድማ የለዓዕሎ ኣሎ። ኣሜሪካን ምዕራባውያንን ብሓደ ወገን ንቻይናን ንራሻን ብኻሊእ ወገን ድማ ንኣፍሪካ፣ ኤስያን ላቲን ኣመሪካን ከም መደርበዪ ጎሓፍ እናገበርዎም እዮም ዝርከቡ። ስለዚ ኣሜሪካን መጫፍርታን ኣብ ሃገርና ዝኽተልዎ ዘለዉ ዓይነት ፍርድ ናይዚ መቐፀልታ እዩ።

እቲ ዘሐጉስ ግና ይብል ሒሽ፣ ናብቲ ዝተለዓለሉ ነጥቢ እንትምለስ ምስ ርእዮተ ዓለም ተኸፋፊሉ ምውቕቓሱን ዝሑል ኲናት ንሓንሳብን ንሓዋሩን ተፋንዩ ኣሎ ይብል። ሎሚ ኮሚንዝም ወይ ካፒታሊዝም ብዝብል ተፈልዩ ምትእስሳር የለን። ኣብ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ንጉሳዊ ኣገዛዝኣ፣ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት፣ ፋሺዝም ከምኡ'ውን ኮምዩኒስታዊ ስርዓታት ዘስዕብዎ ጥፍኣታት ኪጠፍእ ከሎ ርኢና ኢና። ማይክል ሒሽ ከም ዝገልፆ ሎሚ ዲሞክራሲ ብፀቢብነት፣ ብቼናን ሓበሬታ ከምኡ'ውን ብከም ራሻያ ዝኣመሰላ ሃገራት እናተፈተና ዋላ ይኹና ኣይሰርሕን እናተባህለ እዩ። ካፒታሊዝም ንባዕሉ ኣብ ደቂ ሰብ ፍትሓዊ ኣጠቓቕማ ከረጋግፅ ስለ ዘይከኣለ ሕቶ እናልዐለ እዩ ዝርከብ።

ሓደ እዋን “ኣሜሪካ ትቐድም!ካሊእ ግዜ ኣመሪካ ተመሊሳ!” እናተባህ፣ «ምሳይ እንተዘይኮይንኩም ምስ ፀላእተይ ኢኹም» እናተባሃለ ኣስናኑ ዚነክስ ኣተሓሳስባ ኣሜሪካ። ነዚ እዩ እቲ ብኣሜሪካ ከም ጥፍኣት ዝሕሰብ ኣፍሪካ ይኹን ኢትዮጵያ ምስ ቻይና ምትሕብባር ኣድላይ ኮይኑ ዝተረኽበ። መብዛሕትኦም ፈቒዶምን መሪፆምን ዝኽተልዎ ዘለዉ ዓለም ለኸ ፖለቲካዊ ስርዓት ኣብ ናይ ቍልቍለት ውድቀት እዩ ዘሎ ብዝብል ማይክል ሒሽ ኣብ መደምደምታ ዝበፅሐ።

ከም ገለፃ ሒሽ ፣ ክብርን ሓይልን ኣሜሪካ ከም ሎሚ ተዳኺሙ ኣይፈልጥን። ብፍላይ ናይ ሓደ ዙር ጥራሕ ፕረዚደንት ኮይኑ ዝቐረየ ትራምፕ፣ ብዙሕ ፀገማት ዝነበሮ ሰብ እዩ። ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ዝጣበቕ እየ እትብል ኣሜሪካ ክሳብ ሕዚ ከምዚ ተዳኺማ ኣይትፈልጥን ኢያ፤ ከም መንግስቲ መጠን ማሕበር ኔቶን ኣህጉራዊ ማሕበራትን ምንሻው ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ንምእማኑ ዘፀግም ኩነታት እዩ። ንምእማኑ ዘፀግም ድማ ኣሜሪካ ኮቪድ19 ምክልኻል ኣብይዋ በዚ ለበዳ እዚ ንህንድን ብራዚልን ኣኸቲላ ቐዳመይቲ ምዃና ዓለም ብዛዕባ ኣሜሪካ ዝነበሮ ኣረኣእያ እንደገና ንኺሓስበሉ ተገዲዱ እዩ።

ቅትለት ጆርጅ ፍሎይድ ብዝምልከት ትራምፕ ዘራምዶ ዝነበረ ነንርእሱ ዝዋቓዕ ሓሳብ እዩ። ብኣሜሪካውያን ብፍላይ ድማ ብፀለምቲ ህዝቢታት ዘናድድ ካብ ምዃን ሓሊፉ ንኣሜሪካ ዘንዕቕ እዩ ነይሩ። ቻይና ንጉዳይ ጆርጅ ፍሎይድ እናጠቐሰት ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰል ተሓላቒት ከትኾኒ ኣይትኽእልን ኢኺ ብምባል ዓሪፍኪ ተቐመጢ እያ እትብላ ዘላ። ኣብ ዓለም ካብ ኵሉ ንላዕሊ ድማ ናይ 2020 ኣ.ፈ ፕረዚዳንታዊ መረፃ ትራምፕ ውፅኢት ኣይቕበልን ምባሉ ከምኡ'ውን ንባይደን እንኳዕ ደስ በለካ ዘይምባሉ ንኣሜሪካ ዘንዐቐ ነይሩ። ብተወሳኺ ኣብ ካፒቶል ሂሊንግ ደገፍቲ ትራምፕ ዝገበርዎ ዓመፅን ሁከትን ኣለም ዘገረመ እዩ ነይሩ።

ኵሎም ደቂ ሰባት ብዛዕባ ኣሜሪካ ዝነበሮም ኣወንታዊ ኣመለኻኽታ እንደገና ክምርምሩ መበገሲ ኮይኑ እዩ። እዚ ጉዕዞ ቍልቍለት ኣሜሪካ ብጆርጅ ዳብሊው ቡሽ እዩ ተጀሚሩ። ካብ ዝሓለፉ 20 ዓመት ንነዝ እታ ልዕለ-ሓያላን ዝኾነት ሃገረ ኣሜሪካ ሓይላን ክብራን እናራሓቓ እዩ ዝርከብ።

ኣሜሪካ ኣብ ዓለም ዘለዋ ተሓላቕነት መሰል ደቂ ሰባት ትርጉም ዘይብሉን ጥርጣረ ዝተመልአ ብምዃኑ ኣብ ዲሞክራሲ ዘለዋ ኣመለኻኽታ ደካማ ከምዝኾነት እዩ ዝንገር። እቲ ምስ ግብረ-ራዕዲ ዝተተሓሓዘ ዝፈሸለ ኣዳኺምዎ ጥራይ ዘይኰነስ ንቑጠባ'ውን ብሓይሊ ሓስይዎ እዩ። ናይ ኒውዮርክ ዕዳጋ ቍጠባ እናወደቐ ከይዱ እዩ። ቻይና ነዚ ኣጋጣሚ እዚ ዕቤታ ንምቅልጣፍ ተጠቒማትሉ እያ ።

ፖሊሲ ወፃኢ ትራምፕ ይኹን ባይደን በቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ሓቂ ዘይምራሕ ምዃኑ ዘርኢ ፅቡቕ ኣብነት ኢዩ። በዚ ምኽንያት እዚ እዩ ጌዌን ኣሜሪካ ብ1970ታት ማለት ቕልውላው ቬትናም ኣብ ዘጋጠመ፣ ህውከት ኣሜሪካ፣ ዋተርጌት፣ ቍጠባዊ ቕልውላው፣ ስራሕ ኣልቦነት ምውሳኽ ወዘተ ከምዚ ዓይነት ኣብ ዘጋጠመሉ ግዜ ከም መውፅኢ ወይ መንገዲ ማርያም ኮይኖም ዘገልገሉ ናይ ሄነሪ ኪሲንጀር ርክባት ወፃኢ ፖሊሲ እዩ መፍትሒ ዝብሎ። ኣብዚ ሕዚ እዋን መድሕን ቕልውላው ኣሜሪካ እዋናዊ ዝኾነ ጂኦፖለቲክስ፣ሓይልን ኣሳላፉ ስልጣነ ጉዳይ ፖሊሲ እዩ። ስለዚ ንሃገርና ሓዊሱ ኣሜሪካ ኣብተፈላለየ ዓለም እተራምዶ ዘላ ተሪር ጉዳይ ወፃኢ ፖሊሲ ሃገርና ምግምጋምን ምትንታንን ከምኡ ውን 'ምድላው የድልያ።


ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ድሓረ ድማ ኣብ ዝሑል ውግእ ብሰዓራይነት ዝለመደት ኣሜሪካ ከም እኒ ቻይና ዝበላ ዝፈታተነኣ ሃገራት እንትመፃ ንምቕባል ትፅገም እያ። ነዚ ነባራዊ ኩነታት ኣሚና ብዘይ ምቕባላ እዩ ኣብቲ ሕዚ እትርከበሉ መንቐራቕር ክትኣቱ ዝኸኣለት።

ኢትዮጵያ ማይ ምምላእ ግድብ ህዳሰ ዛዚማ ማለት ደጋፊት ኣሜሪካ ዝኾነት ግብፂ ጂኦ ፖለቲካዊ ሓደጋ ከንፀላልዋ እዩ ኢላ ስለ ትሓስብ ንኢትዮጵያ ንምጉዳእ ኣካል ፖለቲካኣ ገይራታ ትርከብ። ኣብ ተፋሰስ ሩባ ኣባይ ልዕልና ኢትዮጵያ ከይህሉ ብተዘዋዋሪ ግብፂ ካብ ኤሜሪካን እስራኤልን ፅልዋ ንላዕሊ ኣብ ትሕቲ ፅዕንቶ ኢትዮጵያ ክትኣቱ ትኽእል እያ ኢላ ስለ ትሰግእ ምስ ግብፂ ጠጠው ብምባል ናይ ግብፂ ጥቕሚ ክቕፅል ምግባር መሪፃ እናተንቐሳቐሰት ትርከብ። ኣሜሪካ ከምዚ ከትገብር እንተላ ግና ኢትዮጵያ ናይ ተፈጥሮ ሃፍታ ናይ ምልማዕን ምጥቃምን መሰል ከምዘለዋ ጠፊእዋ ኣይኮነን።

ኣሜሪካ ምስ ናይ ዓለምና ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ኣብ ሓፂር እዋን ብቐሊሉ ክትዕረቕ ትፅቢት ኣይግበርን ኢዩ። ኣብ ቻይና ዘሎ ቅልጡፍ ቍጠባዊ ዕቤት ማዕረ ኣሜሪካ እኳ እንተዘይኰነ ኣብ ዓለም ብዕቤቱ ኻልኣይ ደረጃ ዝሓዘ ቍጠባ እናሓዘት ምምፃኣ ከምኡ 'ውን ዓለምለኻዊ ፅዕንቶ ፈጣሪነታ እናዓበየ ብምምፅኡ ኣሜሪካ ድማ ነዚ ከትቕበሎ ኣይትደልን እያ። ኣሜሪካ ነዚ ሓቂ እዚ ኣሚና ንምቕባል ዋላ እንተተፅገመት ቻይና ብፍላይ ኣብ ቍጠባዊን ዲፕሎማስን ርክባትን እናሓየለት መፂኣ እያ። ራሺያ 'ውን ድሕሪ ዝሑል ውግእ ካብ ቻይና ቐፂላ ፅዕንቶ ፈጣሪት ካብ ምዃና ሓሊፉ ንዲሞክራሲ ኣመሪካ ክሳብ ምፍትታን በፂሓን ኣብ ማእኸላይ ምብራቕን ላቲን ኣሜሪካን ፅዕንቶ ፈጣሪት ብምዃን በለቕ ኢላ ኣላ።

ዓብዪ ግድብ ህዳሰ መግለፂ ሉዓላውነት ኢትዮጵያ ምዃኑ ኣሚና ንምቕባል ዝተፅገመት ኣሜሪካ ብቐሊሉ ናብ ልባ ከትምለስ ትፅቢት ስለ ዘይግበር ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዘሎና ምትሕብባርን ምድልዳልን፣ ዲፕሎማሲና ምዝማን ስትራተጅያዊ ኣረኣእያ ክህልዎ ምግባር የድሊ እዩ። ኣሜሪካ ኻብ ቬትናም፣ዒራቕን ኣፍጋኒስታን ጉዕዞኣ ጠቕሊላ ከትወፅእ ዝገበራ ፅቕጢ ህዝቢ ኣሜሪካ እዩ። ኣብ ኢጋድ ኮነ ሕብረት ኣፍሪካ ዘለዉ ዕድላት ንምጥቃም ምስ እኒ ቻይናን ራሻን ዘለና ርክብ ክጥንክር ምግባር ኣድላይ እዩ። ብዛዕባ ምዕጣቕ ኣፅዋር ኒውኪለር ዝያዳ ኽንሓስብ ይግበኣና። (ፍልፍል፤ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን)

# ወጋሕታ ስፖርት




## ኣትሌት ለተሰንበት ግደይ ኣብ 10 ሽሕ ርሕቐት ሓድሽ ክብረወሰን ዓለም ኣመዝጊባ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ_ኣበባ፡- ኣትሌት ለተሰንበት ግደይ ነቲ ብኔዘርላንዳዊት ሲፋን ሓሰን ዝተመዝገበ ክብረወሰን ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲ ኣማሓይሻቶ።ለተሰንበት ነቲ ርሕቐት ብልዕሊ ሓሙሽተ ሰከንድ ኢያ ኣመሓይሻቶ።

ኣብቲ ኣብ ኔዘርላንድ ሄንግሎ ዝተኻየደ ናይ ትማሊ ውድድር ነቲ 10 ሽሕ ሜትር ርሕቐት ኣብ 29 ደቒቓ 01 ሰከንድን 03 ማይክሮ ሰከንድን ዛዚማቶ'ላ።

ብሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ኔዘርላንዳዊት ሲፋን ሓሰን ነቲ ብኢትዮጵያዊት ኣትሌት ኣልማዝ ኣያና ብ2016 ኣብ ኦሎምፒክ ዝተትሓዘ ክብረወሰን ብ10 ሰከንድ ኣማሓይሻቶ ነይራ።

"ክብረወሰን ንምምሕያሽ ክጎይይ ተፀቢየ ነይረ" ኢላ ጓል 23 ዓመት ኣትሌት ለተሰንበት ግደይ።ንቐፃሊ ንክብረወሰን ዓለም ዳግም ካብ 29 ደቒቓ ከመሓይሾ ድልየት ኣለኒ ክትብል እውን ተዛሪባ።

ለተሰንበት ናይ 5 ሽሕ ሜትር ርሕቐት'ውን ክብረወሰን ከምዝሓዘቶ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ኣብዚ እዋን ኣብ ክልቲኡ ርሕቐት ክብረወሰን ብምውናን ነቲ ካብ 1986-1993 ብኢንግሪድ ክሪስቲያንሰን ዝተታሕዘ ታሪኽ ደጊማቶ'ላ።

## ኢትዮጵያ እተዳልዎ ፅዋዕ ሴካፋ ጠንካራ ጉጅለ ሒዛ ክትቐርብ እያ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ምብራቕን ማእኸላይን ፅዋዕ ኣፍሪካ ሃገራት (ሴካፋ) ንሕንሕ ካብ 26 ሰነ 2013 ዓ.ም ክሳብ 11 ሓምለ 2013 ዓ.ም ብኢትዮጵያ ኣዳላውነት ኣብ ከተማ ባህርዳር ከምዝካየድ ዝፍለጥ እዩ፡፡ኣብዚ ንሕንሕ ተሳታፊ ዝኾነ ትሕቲ ዒስራን ሰለስተን ዓመት ብሄራዊ ጉጅለ ኢትዮጵያ ብኣሰልጣኒ ዉበቱ ኣባተን ምኽትሉን ዝምራሕ እንትኾን ንሰላሳን ሓሙሽተን ተፃወቲ ፃውዒት ገይሮም እዮም፡፡ ጉጅለ ብሄራዊ ኢትዮጲያ ድሕሪ ሸሞንተ ዓመት ናብ 2021 ፅዋዕ ኣፍሪካ እንትሓልፍ ናይቲ ጉጅለ ኣባላት ዝነበሩ ተፃወቲ ዕድሚኦም ንፅዋዕ ሴካፋ ንክኣትዉ ዝፈቐደሎም ሓሙሽተ ተፃወቲ እቲ ልምምድ ምስዝተጀመረ ድሕሪ ሸውዓተ መዓልቲ ከምዝጅምሩ ተገሊፁ እዩ፡፡ኣሰልጣኒ ውበቱ ዓሰርተ ሰለስተ ካብ ፕሪሚየር ሊግ፣ ኣርባዕተ ካብ ላዕለዎት ሊግ ኣብቲ ጋንተኦም ዝሰብሰቡ እንትኾን ካብ ዝሓለፈ ዝሓሸ ጉጅለ ከምዝሃንፁ ትፅቢት ይግበር፡፡

ኢትዮጵያ ዝሓለፉ ዓመታት ንሴካፋ ንሕንሕ ዝሃበቶ ትኹረት ብዙሕ ከምዘይኾነ ዝፍለጥ እንትኸውን ንመወዳእታ እዋን ቅድሚ ዓሰርተ ሽድሽተ ዓመት ፅዋዕ ከምዝወሰደት ዝዝከር እዩ፡፡ሎሚ ግና ኢትዮጵያ ናይቲ ውድድር ኣሳናዳኢት ስለዝኾነት ጋንታ ዋልያ ናብ ፅዋዕ ኣፍሪካ ምሕላፎም ኣብ ዘረጋግፅሉ እዋን ብምኺኑ ናይ ምልዕዓል ድልየት ከይዘሓለ ተኻፈልቲ ሴካፋ ብምኺኖም ፅዋዕ ክሳብ ምልዓል ጠንካራ ተናሓናሕቲ ከምዝኾኑ ይግመት፡፡

ካብ 1926 ዓ.ም ጀሚሩ ምካያድ ዝጀመረ ምብራቕን ማእኸላይን ኣፍሪካ ንሕንሕ ፅዋዕ ኣፍሪካ 2021 ዓመት ንሕንሕ ዕድሚኦም ትሕቲ ዒስራን ሰለስተን ዓመት ንክካየድ ከምዝተወሰነ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ኢትዮጵያ ቅድሚ ኸዚ ንኣርባዕተ ግዘ ኣዳልያ ከምዝነበረት ዝዝከር እዩ፡፡ኢትዮጵያ እቲ ንሕንሕ ቅድሚ ሽድሽተ ዓመታት ከተታኣናግድ ከላ ዩጋንዳ እቲ ንሕንሕ ብልዕልነት ከምዛዘመት ዝዝከር እዩ፡፡ ዩጋንዳ ዓሰር ኣርባዕተ ፅዋዕ ብምልዓል ቐዳሚት እያ፡፡

## መኣዲ ጥበብ

## በዓቲ ሶፍ ዑመር

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ካብ መስሕባት ቱሪዝም ሃገርና ዓብዪ ቦታ ካብ ዝሕዙ ከባብታት ሓደ ኣብ ክልል ኦሮሚያ ዝርከብ ዞባ ባሌ እዩ። እቲ ዞባ አዝዩ ብርክት ዝበለ መስሕብ ዝተዓደለ ምድሪ እዩ፡፡ካብ መንጎ እቶም መስሕባት ድማ ዘገርም ህያብ ተፈጥሮ ዝኾነን ኣብ አፍሪካ ካብ ዘለው ዓበይቲ በዓትታት እቲ ሓደ ተፈጥሯዊ በዓቲ ሶፍዑመር ይርከብ።

በዓቲ ሶፍ ዑመር 15.1 ኪሎ ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ እንትኸውን ኣብ ኢትዮጵያ እቲ ነዊሕ ከም ዝኾነ ይዝረበሉ፡፡እቲ በዓቲ ብጊዚያዊ ቅርሲ ዓለም ተመዝጊቡ እዩ።

በዓቲ ሶፍ ዑመር ብአመንቲ እስልምና መንፈሳዊ ትርጉም ዘለዎ ስፍራ እዩ፡፡ስያምኡ ዝረኸበ ውን ሶፍ ዑመር ካብ ዝበሃሉ ነበር ሃይማኖት ኣቦ እዩ፡፡እቶም ኣቦ ኣብቲ በዓቲ ንነዊሕ ዓመታት ይነብሩ ነይሮም፡፡

ናፍቲ በዓቲ መእተዊ ዝተሓፀረ ቦታ ክር ቅዱስ ኡመር ይበሃል፡፡እዚ ድማ ኸበሮ ብምውቃዕ ዘመስግኑሉን ናይ ስእለት ከፍቲ ብምሕራድ ዝብለዐሉ ቦታ እዩ፡፡ እቶም ስእለት ዘለዎም ሰባት ካፍቲ ዝተሓረደ በጊዕ ወይ ጤል ንእሽተይ ቁርበት ብምቁራፅ ኣፍቲ በዓቲ ንፀሎት ክንጥልጠል ይግበር፡፡ብወገን የማን ፊት ንፊት ናብ ውሽጢ እቲ በዓቲ ብጣዕሚ ዓሚቅ ናይ መሶብ ቅርፂ ዘለዎ ብተፈጥሮ ዝተራቀቀ ዉፁእ እምኒ መቀመጢ ሶፍ ዑመር ይርከብ፡፡

መእተዊ በዓቲ ሶፍዑመር ጉለንተናየው መኩ ዝበሃል እንትኸውን መውፅኢ ድማ ሁልቃ ይበሃል፡፡ጉለንተናየው መኩ ወዲ ሶፍ ዑመር እንትኸውን ጓሎም ከራዮሞኩ እትቅመጠሉ ቦታ እዩ፡፡

ጀባ ቢቂላ ዝበሃል ዓብዪ ኸቢ እምኒ ሓያል ፀልማት መእተዊ እቲ በዓቲ እዩ፡፡ኣብዚ ቦታ እዚ ልዕሊ እቲ እምኒ ጉንዲ ዝነበረ እንትኸውን፣ኣብዚ ጉንዲ ኣቦኦምን ኣዲኦምን ዝረገሙዎም ኣዝዮም መፀገምቲ መናእሰይ ዝእሰሩሉ ቦታ እዩ፡፡አፍቲ እዋን ካብ ዝተአሰሩ መናእሰይ ሓደ ጀባ በየነ ዝበሃል ይርከቦም፡፡ብድሕሪት እቶም ዝቅፅዑ ሰባት ዝወፁሉ ቦታ ቅርፂ ካርታ ኢትዮጵያ ዝሓዘ እዩ፡፡

እቲ በዓቲ ብርክት ዝበሉ ክፍልታት ዘለውዎ እንትኸውን እቲ ኣብ ማእኸል ዝርከብ አለይህም ፊጢ ሱማ አብዲ ይበሃል፡፡ብወዲ ሶፍ ዑመር ዝተሰየመ በዓቲ እዩ፡፡እቲ ክፍሊ/አዳራሽ ብክቢ ዕሙቅ ኢሉ ንላዕሊ ዝወፀ ቅርፂ ዘለዎ እንትኸውን ተፈጥሯዊ ምኻኑ የገርም፡፡


ዝተፈላለዩ ተፈጥሯዊ ገፅታታት ዘርእየና እዚ በዓቲ፣ አዳራሽ ሶፍ ዑመር ተባሂሉ ናብ ዝተሰየመ ክፋል እቲ በዓቲ የሰጋግረና፡አብዚ ክፍሊ ፀገም ዘለዎም ሰባት ምስ ሶፍ ዑመር ተራኺቦም ፀገሞም ዘረድኡሉ ቦታ እዩ፡፡

እቲ ኻሊእ ዘገርም ክፋል እቲ በዓቲ ድማ ስጋጃ ይበሃል፡፡እዚ ክፍሊ መስገዲ እንትኸውን አርባዕተ ሰፋሕቲ አእማን ይርከቡ፡ንሳቶም ድማ ናይ ሶፍ ዑመር፣ሼኽ ሁሴን፣ከራዩ መኮን፣ ሸኽ አበል ቃሲምን መስገድታት እዮም፡፡

እዚ ግዙፍ በዓቲ ካብ አእምሮ ዘይጠፍእ አዝዩ ዘገርም ናይ ተፈጥሮ ኪናዊ ጥበብ ዝተርአየሉ ቦታ እዩ፡ ፡ላዕላዋይ ክዳን እቲ በዓቲ ልምዲ ብዘለዎ ዘበናዊ በዓል ሞያ ተስተኻኺሉ ዝተገጠመ ውፁእ ኮርኒስ ይመስል፡፡ ብመንጎ እቲ በዓቲ ዝጉዓዝ ዌብ ዝተብሃለ ሩባ ሸውዓተ ጊዜ ዝዐፀፈሉ ቦታታት ኣለው። ዘገርም ትእይንት ይፈጥር፡ ፡ክልቲኦም ተጣሚሮም ምርካቦም ዘገርም ትእይንቲ እዩ።









# ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ዝተመረቑ 37.6 ኪሎ ሜትሮ ንውሓት ዘለዎም 24 መንገድታት ሕድ ሕድ ንውሓትን ስፍሓትን

1. ካብ መገናኛ - ወረዳ 17 ጣቢያ ጥዕና ናይ ኣስፋልት መንገዲ ፣ንውሓት 1,670 ሜትሮ፣ ስፍሓት 20 ሜትሮ
2. ቦሌ ቡልቡላ ካባ መእተዊ - መድሀኒአለም (ሎት -1) ፣ንውሓት 3,820 ሜትሮ ስፍሓት 30 ሜትሮ
3. ቦሌ ወረዳ 12 - ቡልቡላ 40/60 ኮንዶሚንየም (ሎት-2)፣ ንውሓት 4,200 ሜትሮ ፣ስፍሓት 30 ሜትሮ
4. ቦሌ ሚካኤል ቦሌ ቡልቡላ ፣ንውሓት 2,200 ሜትሮ፣ ስፍሓት 30/20 ሜትሮ
5. ኣስኮ 40/60 ኮንደሚኒየም መንገዲ ፣ ንውሓት 781 ሜትሮ ስፍሓት 10 ሜትሮ
6. ቦሌ ኣያት 4 ኮንዶሚኒየም ንውሓት 4,387 ሜትሮ፣ ስፍሓት 16/20/15/40 ሜትሮ
7. ካብ ስፖርት ኮሚሽን - ኮከብ ህንጻ ፣ንውሓት 738.00 ሜትሮ፣ስፍሓት 20 ሜትሮ
8. ካብ ወርቁ ሽክላ ሚሽን ቤ/ክ - ኣዲሱ ሰፈር፣ ንውሓት 1,112.00 ሜትሮ ፣ስፍሓት 25 ሜትሮ
9. ጉራራ ኪ/ምህረት-ፈረንሳይ ፣ ንውሓት 1,860.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 20 ሜትሮ
10. ሀና ማርያም ዳማ ሆቴል ላፍቶ ሚካኤል፣ ንውሓት 1,439.00 ሜትሮ፣ስፍሓት 30 ሜትሮ
11. ኣቃቂ ቃሊቲ ቴክኒክን ሙያ፣ ንውሓት 1,180.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 20 ሜትሮ
12. ካብ ሲቪል ሰርቪስ ዩኒቨርሲቲ - ጉርድ ሾላ፣ ንውሓት 1,040.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 20 ሜትሮ
13 .የካ ክ/ከ መንበሪ ሰበ ስልጣናት፣ ንውሓት 1,000.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 15 ሜትሮ
14 .ኣጎና ሲኒማ - ሴኔጋል ኤምባሲ፣ ንውሓት 480.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 12 ሜትሮ
15 .ካብ የረር በር መብራት ሀይል - ሚኒስቴር ማዕድን ፣ ንውሓት 1,960.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 25 ሜትሮ
16 .የካ ኣያት 2 እና 3 ፣ ንውሓት 1,700.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 30 ሜትሮ
17 .ንፋስ ስልክ ላፍቶ ኣንበሳ ጋራዥ ፣ ንውሓት 883.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 15/20 ሜትሮ
18 .ሳሪስ - ቅመማ ቅመም ፋብሪካ ፣ንውሓት 580.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 15 ሜትሮ
19 .እንጦጦ ፓርኪንግ ፣ ንውሓት 294 14.5 ሜትሮ (163 መኻይን ጠጠው ዘብል)
20 .ኮካ ኮላ ጌጃ ሠፈር ፣ ንውሓት 460.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 30 ሜትሮ
21. ሲ.ኤም.ሲ. ሰሚት መስፋሕፊሒ፣ ንውሓት 2,000.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 6 ሜትሮ
22. ኣምበሳ ጋራጅ -ጅጅጋ ሰፈር ፣ንውሓት 767.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 30 ሜትሮ
23. ከኣሚጎ ካፌ ሚካኤል ቀለበት መንገድ፣ ንውሓት 1,018.50 ሜትሮ፣ ስፍሓት 15 ሜትሮ
24. ሽሮ ሜዳ ሀመረ ኖህ ኪ/ም ፣ ንውሓት 2,081.00 ሜትሮ፣ ስፍሓት 20 ሜትሮ እዮም፡፡











ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ